
# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 34 ዓመት ቁ.225 | ረቡዕ 21 ግንቦት 2025 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2 ዜና

ገጽ 3



ገጽ 8 ሓርነት ኣብ ጒደና ሓርነት




ገጽ 9 መኸተ ሰዉር መቕዘ



ገጽ 11 ዞባ ማእከል - ውድድር ባድሚንተን . . .


## መራሕቲ ፈረንሳ፡ ኣስትሪያን ኮርያን ናይ የሃና መልእኽቲ ሰዲዶም



መራሕቲ ረፓብሊክ ፈረንሳ፡ ረፓብሊክ ኣስትሪያን ረፓብሊክ ኮርያን፡ ብምኽንያት መበል 34 ዓመት ጽንበል ናጽነት፡ ናብ ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ናይ የሃና መልእኽቲ ሰዲዶም።

ፕረዚደንት ረፓብሊክ ፈረንሳ ኤማንዌል ማክሮን፡ ፈደራላዊ ፕረዚደንት ረፓብሊክ ኣስትርያ ኣለክሳንደር ቫን ደር በለንን ከምኡ'ውን ግዝያዊ ፕረዚደንት ረፓብሊክ ኮርያ ሊ. ጁ-ሆ ኣብ ዝሰደድዎ መልእኽቲ፡ ንፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ምሉእ ጥዕና፡ ንኤርትራን ህዝብን ድማ ሰላምን ብልጽግናን ተመንዮም።

እቶም መራሕቲ ኣስዒቦም፡ ምስ ኤርትራ ዘሎ ዝምድና ሃገራቶም ንምምዕባል ከምዝሰርሑ ገሊጾም።

## ኣስመራ - ስልጠና “ስርዓተ ጽሕፈት ትግርኛ” ተዋዊኡ

ብሚኒስትሪ ዜና፡ ሚኒስትሪ ትምህርትን ኣሕተምቲ ሕድሪን ተወዲቡ፡ ንልዕሊ ክልተ ወርሒ ዝተዋህበ ስልጠና “ስርዓት ጽሕፈት ትግርኛ”፡ ብ20 ግንቦት 2025 ተዛዚሙ።

ዕላማ ናይ'ቲ ስልጠና፡ ወከልቲ ናይ ሰለስቲኣን ትካላት ምስ ክኢላ ሴማዊ ቋንቋታት ፕሮፌሰር ተስፋይ ተወልደ ተሓባቢሮም ዘዳለውዎ፡ “ቅጥዒ ምእኩል ኣጻሓሕፋ ትግርኛ” ብዝምልከት፡ ግብራዊ ኣበነታት ዘለዎ መብርሂ ንምሃብ ኩይኑ፡ ኣብኡ ዝተፈላለያ ትካላት መንግስትን ብሕታዊ ትካላት ሚድያን ከምኡ'ውን ውልቀ ደረስቲ ዝርከብዎም፡ ብድምር ልዕሊ 40 ሰልጠንቲ ተሳቲፎም።

ብዛዕባ'ቲ ስልጠና ጽማቕ ጸብጻብ ዘቕረበ፡ ኣብ ሚኒስትሪ ዜና ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ጋዜጣ ኣቶ ሰለሙን በርሀ፡ ስርዓትን ደረጃን ዝሓለወ ጽሑፍ፡ ሕግን መጉትን ስነ-ቋንቋ ማሰረት ብዝገበረ ልዙብ ዝምዕበል ምዃኑ ጠቒሱ፡ ብውሑዱ ሰለስተኣን ትካላት ኣብ ስርዓት ኣጻሓሕፋ ክሰምራ ዘወሰድኦ ተበግሶ ጸቡቕ ኣንቅዶ ምዃኑ ኣገንዚቡ።

ንኣሰልጠንቲ ወኪሉ ቃል ዘሰመዐ ኣብ ሚኒስትሪ ትምህርቲ - ሓላፊ ማእከል ትምህርትን ዳህሳስን ተመሃሮ መምህር ደሰበለ መሓሪ ብወገኑ፡ “ብዕዙዝ ሱታፌን ልዑል ተገዳስነትን ምውዳቕ ዘተን ዝተሳሰለ፡ ዕውት፡ ኣተባብዕን ንመጻኢ ቅኑዕ መንገዲ ዝሕርግን ስልጠና” ክብል ንኣገዳስነት ናይ'ቲ ስልጠና ብምግላጽ፡ ንተገዳስነት መምህራንን ኣብ እዋን ስልጠና ብዙሳተፍቲ ዝቐረበ ዝበረ ሓሳባትን ንኢዱ።

ወከል ሰልጠንቲ ብሸነኹ፡ “ቋንቋታትና ስርዓትን ደረጃን ሓልዩ ክጽሓፍ ናይ ኩልና ባህጊ'ዩ፡ ስርዓት ጽሕፈት ትግርኛ ይኹን ካልኦት ሃገራውያን ቋንቋታትና ንምምዕባል፡ ንገዳሳት ስልጠና ምሃብ ከኣ፡ ክንጽ ኣድላይነቱ፡ መርኣያ ውርዝይናን ንቋንቋና እንህቦ ክብርን'ዩ” ክብል ኣድናቖቱ ገሊጹ።

ኣብ መወዳእታ፡ ሚኒስተር ዜና ኣቶ የማነ ገብረመስቀል፡ ንሰልጠንትን ኣሰልጠንትን ወረቐት ምስክር፡ ብሱታፌን ግዳሰን ሕልፍ ዝበለ ኣበርክቶ ንዝነበሮም ከኣ ህያብ ኣበርኪቱ።

ኣብ ስርዓት ጽሕፈት ቋንቋ ዝርአዩ ዝውቱራት ጌጋታት፡ ብፍንውን ብዘይዝሽኑ ቅጥዕን ሳዕረርም ምብራዝ ናይ'ቲ ቋንቋ ንኸየስዕቡ፡ ንዲናሚካዊ ምዕባለ'ቲ ቋንቋ ብወግዓዊ መዘኑት ዝኪታተል ትካል ወይ ኢንስቲትዩት ይቕረወም'ዩ፡ ኣብ ሃገርና'ውን ብተመሳሳሊ እዚ ኣገባብ'ዚ ይሰራሓሉ'ሎ።



ስእሊ. ሳልሕ ዓብደልቃድር

## መበል 34 ዓመት ናጽነት ኤርትራ፡ ኣብ ዝተፈላለያ ሃገራት ይጽንበል ኣሎ

ኣብ ዝተፈላለያ ከተማታት ጀርመን፡ ኢጣልያን ስዊድያን ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካን ዝነብሩ ኤርትራውያን፡ “መስመርና ድርዕና” ብዝብል ቴማ መበል 34 ዓመት ናጽነት ብልዑል ደምቀት ጸንቢሎም።

ነበርቲ ጀርመናውያን ከተማታት ኑረምበርግ፡ ሽቱትጋርት፡ ሃይደልበርግ፡ ፍሪደብርግን ሙንሸንግላድባኽን ብ17 ግንቦት ኣብ ዘወደብዎ ንቑልዑ፡ መንእሰያትን ዓበይትን ዘሳተፈ ምዕሩግ ጽንብላትን ኣብኡ ዝቐረበ መሰናድኣታትን ንወጽኢት ናይ'ቲ ማሕበረሰባትን ስድራቤታትን ኣብ ሓደስቲ ወለዶታት ዝገበርኦ ዘለዎ ወፍሪ ኣጉሊሖ ዝርኣየ'ዩ።

ኣብ ከተማ ኑረምበርግ - ፈጻሚ ጉዳያት ኤምባሲ ኤርትራ ኣቶ የማነ ወልዱ፡ ኣብ ፍራንክፈርት ጠቕላሊ ቈንስል ኣቶ ክበረኣብ ተኽስተ፡ ኣብ ፍሪደብርግ ከኣ ሓላፊ ህዝባውን ኮማውን ጉዳያት ኣቶ ጠዓመ ሃይሉ፡ ነቲ ጽንበል ዝምልከት መደረታት ኣስሚዖም።

ጽንበል ናጽነት ኣብ ዝተረፋ ከተማታት ጀርመን ክሳብ 31 ግንቦት ክቕጽል'ዩ።

ብኻልእ ወገን ኣብ ኢጣልያ ከተማታት ሮማ፡ ካታንያን ፒዛን ዝነብሩ ዜጋታት ብ18 ግንቦት፡ ንሃገርም፡ መንእሰያም፡ ባህሎምን ጥንዔራኦምን ዝለዓም ፍቕርን ኣኽብሮትን ዘንጸባርቕ ጽንብላት ወዲቦም።

ኣብ ከተማ ሮማ ኣብ ዝተኻየደ ብዙሓት ዜጋታት ዝተሳተፍዎ መደብ፡ ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ኢጣልያ ፍሱሓጽዮን ጴጥሮስ ተረኺቡ፡ ብዛዕባ ርዝነት 24 ግንቦት፡ ናብኡ ንምብጻሕ ዝተሰግረ መሰገደላትን ዝተኸፍለ መስዋእትን ኣመልኪቱ መግለጺ ሂቡ።

መበል 34 ዓመት ናጽነት ኤርትራ፡ ኣብ ከተማታት ሚላኖ፡ ቦሎኛ፡ ፈረንዜ፡ ቶሪኖ፡ ብረሽያ፡ ባሪ፡ ናፖሊ፡ ፓለርሞ፡ ፓዶቫን ፖርደኖነን 25 ግንቦት፡ ኣብ ፓርማን ቨሮናን ድማ 1 ሰነ ክበዓል'ዩ።

እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ - ማሕበረሰብ ኤርትራውያን ተቐማጦ ሃሪስበርግ (ፔንሲልቫንያ) ብ17 ግንቦት ድሙቕ ጽንበል ከምዘካየደ፡ ካብ'ቲ ቦታ ዝጸሓፍና ሓበሬታ ኣፍሊጡ።

ብተመሳሳሊ፡ ኣብ ከተማታት ደቡባዊ ስዊድያ ማለት ኣሃምስ፡ ኽሪስቲ ምሺጥን ጀሽዝንን ዝነብሩ ዜጋታት፡ ብ16፡ 17ን 18ን ግንቦት ምዕሩግ ጽንብላት ኣካዪዶም።

ኣብ'ቲ ጠቕላሊ ቈንስል ኤርትራ ኣብ ጆዳ ኣቶ ዓብዱራሕማን ዐስማን ዝርከብዎም ብርክት ዝበሉ ዜጋታት ዝተሳተፍዎ ጽንብላት፡ ንብዙሕነትን ሓድነትን ህዝቢ ኤርትራ ዘንጸባርቕ ባህላውን ስነጥበባውን መሰናድኣታት ቀሪቡ።



# መስመርና ድርዕና!

ዜና

# ባረንቱ - ፈተነ ምቁር ድንሽን ካሳቫን ጽቡቕ ውጽኢት ተረኺብዎ

ኣብ ንኡስ ዞባ ባረንቱ፡ ብኣብነታውያን ኣልማዕቲ ጀራዲን ዝተኻየደ ፈተነ ምቁር ድንሽን ካሳቫን ጽቡቕ ውጽኢት ከም ዝተረኽበ፡ ሞያውያንን ሓረስቶትን ገሊጾም።

ካብ ምምሕዳር ከባቢ ኩሉኩ ሓረስታይ ኻልድ ኣሕመድ ኣብ ዝሓለፈ ሓጋይ፡ ኳ-ኳ ልምዓት ኣሕምልቲ ዘፍርዮ ልምዓት ፍረታት ዝምስገን ምህርቲ ከም ዝሓፈሰ ብምጥቃስ፡ ካብ'ቲ ብሰብ ሞያ ሕርሻ ዝወሃቦ ምኽርን ዘጥረዮ ተመኩሮን ነቒሉ ዘዘበሮ ፈተነ ምቁር ድንሽን ካሳቫን'ውን ጽቡቕ ውጽኢት ከም ዝረኸበሉ ኣዘኻኺሩ።

ካብ ሓደ ተኽሊ ካሳቫ ክሳብ 28 ኪሎ፡ ካብ ሓደ ሱር ምቁር ድንሽ ድማ ክሳብ 5 ኪሎ ምህርቲ ክረክብ ከም ዝኸኣለ ጠቒሱ ድማ፡ ሳዕ'ቲ ብቐጻሊ ዝዘበሮ ዘሎ ጻዕሪ ነቲ ናይ'ቲ ከባቢ ምስ ፍርያት ምቁር ድንሽን ካሳቫን ክላለዩ ከም ዝጠቐሞ ኣረዲኡ።

ሓላፊ ቤት-ጽሕፈት ሕርሻ ኣቶ መሴ ባህታን ክኢላ ምዕቃብ ሓመድን ማይን ኢንጂነር ኣዘኪያ ኣልፈያን ብወገኖም፡ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ካብ ዘለዉ ልዕሊ 100 ኣልማዕቲ ጀራዲን ኣብ ፍሉያት ፍርያት ብምድሃብ ዕውት ፈተነ ዘካየዱ ሓረስቶት ወሰናት ምዃኖም ብምጥቃስ፡ ኣብነታዊ ሓረስታይ ኻልድ ኣሕመድ ኣብ ዘልምዖ 2.5 ሄክታር ዝዘበሮ ፈተነ ምቁር ድንሽን ካሳቫን ኣገዳሲ ውጽኢታዊ ከም ዝተሓዝ ማስኪሮም።

ክኢላ ልምዓት ኣሕምልትን ፍረታትን ወ/ሮ ጺጋ ተኽላይ ብወገና፡ ምቁር ድንሽን ካሳቫን ቁጠባውን መኣዛውን ረብሓታት ስለዘለዎም፡ ኣልማዕቲ ጀራዲን ንተሞክሮ ኣብነታዊ ሓረስታይ ኻልድ ኣሕመድ ተኸቲሎም ብዝለዓለ ክልምዕዎም ተላብያ።

ኣብ ልምዓት ማሽና ዝተዋፈሩ ተሓጋዙ ዝዓበ ዘሎ ልምዓት ጀራዲን ኣብ ተመሳሳሊ ዓውዲ ከም ዝተዋስኡ ብምግላጽ፡ ልምዓት ምቁር ድንሽን ካሳቫን ንምስፋሕ ዘለወን ድልውነት ኣረጋጊጸን።



---

# ሰንዓፈ - ብቕዓት ተመሃሮ ንምዕባይ ዓውደ-ዘተ ተኻዩዱ

ኣብ ምብራቓዊ ኣጻደፍ ን/ዞባ ሰንዓፈ፡ ንብቕዓትን ተሳታፍነትን ተመሃሮ ብፍላይ ከኣ ናይ ደቂ-ኣንስተይቲ ብኣሉታ ዝጸልዉ ዘለዉ ጸገማት ኣለሊኻ ፍታሕ ንምንዳይ ዝዓለመ ዓውደዘተ፡ ብ14ን 15ን ግንቦት ተኻዩዱ።



ኣብ'ቲ ኣብ ከተማ ሰንዓፈ ዝተኻየደ ዓወደዘተ፡ ንኸኣል 34 ዓመታት ዝገልጽ ብኣሃዛት ዝተሰነየ ዝርዝራዊ ጸብጻብት ቀሪቡን ተዘቲዩሉን።



ብመሰረት ዝተኻየደ ዘተ፡ ዘይምጥርናፍ ዓድታት፡ ራሕቂ ቤት-ትምህርቲ፡ ትሑት ርድኢት ወለዲ፡ ዘይምቹእ ኣቀማምጣ ዓድታት፡ መርዓ ትሕቲ ዕድመ፡ ማሕበራውን ቁጠባውን ጸገማት፡ ሸለልትኦት ተመሃሮ፡ ዘይምህላው ኣሕዳሪት ቤት-ትምህርቲ፡ ከምኡ'ውን ሰፊሕ ሳሞማዊ መፋብር፡ ቀንዲ ጠንቂ ምቁራጽ ተመሃሮ ምዃኑ ተጸሊሩ።

ኣመሓዳሪ ን/ዞባ ሰንዓፈ ኣቶ እድሪስ ዓሊ ሸኽር ኣብ ዘሰመየ ቃሉ፡ ንኹኣ ናይ'ቲ ኣብ ትምህርቲ ዝፍጸም ዘሎ ወፍሪ ንምፍላጥ ቀጻሊ ገምጋማትን ዘተታትን ምውዳብ ኣገዳሲ ምዃኑ ብምጥቃስ፡ እዚ - ድኻምትካ ኣለሊኻ ብልጫታትካ ንምዕቃብ ከም ዝሕግዝ ኣረዲኡ።

ሓላፊ ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ደቡብ መምህር ህብትዝጊ ኪዳነ ብወገኑ፡ ኣብ ምብራቓዊ ኣጻደፍ ን/ዞባ ሰንዓፈ ብዝተኻየደ መጽናዕቲ ዝተለለዩ ሃጓፋትን ብድሆታትን ንምፍዋስ፡ ግብራዊ ስጉምቲ ምውሳድ ከም ዘድልዮ ብምብራሁ፡ ብሓባር ዝግበር ዘተ ኣብ'ዚ መዳይ'ዚ ኣገዳሲ ከም ዝኾነ ገሊጹ።

ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ዞባ ደቡብ ኣቶ ቃልኣብ ተስፋሰላሴ ድማ፡ ጸገማት ኣለሊኻ መፍትሒ ምንዳይ ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣካል ናይ'ቲ ፍታሕ ምዃን ናብ'ቲ ዝድለ ብቕዓት ዝመርሕ ምዃኑ ብምሕባር፡ ተራ ናይ ኩሎም ኣካላት መንግስቲ፡ ኣመሓደርቲ ከባብን ሕብረተሰብን ክዕዘዝ ጸዊዑ።

ኣብ ምብራቓዊ ኣጻደፍ ን/ዞባ ሰንዓፈ፡ ሓንቲ ናይ ካልኣይ ደረጃ፡ ክልተ ናይ ማእከላይ ደረጃ፡ ከምኡ'ውን 10 ናይ መባእታ ደረጃ ኣብያተ-ትምህርቲ ኣለዋ።

---

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ

ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ
ሰሎሜ ኣፈወርቂ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.163471-07588045
ምልክታ
ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284

# ዞባ ደቡብ - ዝተሰርሐ ጽርግያታት፡ ኣብ ምምሕያሽ መነባብሮ ህዝቢ ልዑል ተራ ይጻወት ኣሎ

ኣብ ዞባ ደቡብ፡ ኣብ ዝሓለፈ 34 ዓመታት ናጽነት ብምትሕብባር መንግስቲ፡ ህዝብን ሓይልታት ምክልኻልን ዝተሰርሐ ዝተፈላለየ ደረጃታት ዘለዎ ጽርግያታት፡ ማሕበራ-ቁጠባዊ መነባብሮ ህዝቢ ኣብ ምምሕያሽ ልዑል ተራ ይጻወት ከም ዘሎ ተገሊጹ።

ኣብ ምምሕዳር ዞባ ደቡብ ሓላፊ ጨንፈር ካልኣይ ደረጃ ጽርግያታት ኣቶ ኣፈወርቂ ርእሶም ንኤሪና ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ብዞባ ደረጃ 1,631 ኪሎሜትር ዝንውሓቱ፡ ናብ ንኡሳን ዞባታትን ዓድታትን ዝኣቱ 105 መስመራት ከም ዝተሰርሐ ኣብሪሁ።

ብመሰረት'ቲ ሓበሬታ፡ ካብ'ቲ ዝተሰርሐ ጽርግያታት - 234 ኪሎሜተር መስመራት ኢገላ - ደምሒና፡ እንዳገርግስ ኣደኻልቡ ሰንዓፈ - መኾንን ሓደሽን ስትራተጂካውን ክኾውን ከሎ፡ 230 ኪሎሜተር ድማ ንዓዲ ሃሎ -ደቀምሓረ፡ ድግሳ - ሓላይ፡ እምኒሓይሊ - ዓዲ ብሓይላይ፡ እንዳገርግስ - ማይ ምሳን ድባርዋ-ዓዲ ፈለስትን ዝተኣሳሰር፡ መሰረታዊ ምምሕያሽ ዝተገብረሉን ብንቶታት ዝተሰርሓሉን'ዩ።

ኣብ 1,013 ዓድታት፡ 8 ከተማታትን 10 ሓወሲ ከተማታትን ዝቕመጥ ህዝቢ ዞባ ደቡብ፡ ኩሉ ማሕበራዊ ንጥፈታቱ ንምስልሳል በዚ ጽርግያታት ከም ዝጥቀም፡ በብኸባቢኡ ዝፈሪ ምህርቲ ሕርሻውን ብእኡ ኣቢሉ ናብ ዕዳጋታት ከም ዘውርድ ዝሓበረ ኣቶ ኣፈወርቂ፡ እቲ ናይ ምስራሕን ምጽጋንን ጠለብ ቀጻሊ ስለዝኾነ፡ ከም ደረጃኡን ቀዳምነታቱን ክምለስ ትጽቢት ከም ዝግበር ኣገንዚቡ።

ኣብ መውዳእታ፡ በቢግዚኡ ዝስራሕ ጽርግያታት ውሑስን ምቹእን ኣገልግሎት ንክህቡ፡ ህዝቢ ዘድሊ ክንክንን ክገብረሉን ክከናኸኖን ተላብዩ።

ዞባ ደቡብ፡ ብዘይካ'ተን ኣብ ምብራቓዊ ኣጻደፍን ምዕራባዊ ሸነኽን ዝርከባ ውሑዳት ቁሸታትን ዓድታትን፡ ብዝተዋህሃለን ከምኡ'ውን ብምትሕብባር መንግስቲ፡




ብዝተኻየደ ንጥፈታት፡ ናብ ዓደን ዝኣቱ ጽርግያ ከም ዘለወን ሰሰ ምምሕዳር ዞባ የረድኡ።

ሎሚ ኣብ ERI-TV

ብምኽንያት ቀንያት ናጽነት፡ ኩሉ መደባትና ዝ  ክብር በዓል ዘንጸባርቕ ትሕዝቶ ክህልዎ እዩ።

# መስመርና ድርዕና !













ዲዛይን - ታእዛዝ ኣብርሃ

ስእሊ- ጨ/ስእሊ ሚ-ዜና ጎስጓስን ሓበሬታን ሚ-ምክልኻል

# ማሕበራዊ ዕብየት

ብምትሕብባር ሚ/ዕ/ማ/ድሕነት ዝዳሎ

## "ዝተዋህበና ናጻ ሕክምናዊ ኣገልግሎት፡ ዝያዳ ኣፍረይቲ ክንከውን ዝድርኸና'ዩ" ኣባላት ሚ/ዕ/ማ/ድሕነትን

ሉል ተስፋይ
ሚ/ዕ/ማ/ድሕነትን

ሰራሕተኛ፡ ኣብ ዝተመደቦ ስራሕ ብሉጽ ስራሕ ምእንቲ ክፍጽም ብዙሓት ረቛሒታት ክማልኡሉ ይግባእ። ብሉጽ ናይ ስራሕ ሃዋህው፡ ኣብ ስርሑ ዝሕግዘዎ ስልጠናታት፡ ትምህርቲ፡ ክፍሊት ወይ ደሞዝ፡ ስጡም ዝምድና ምስ ሓለፍትን መሳርሕትን ገለ ኣገደስቲ ረቛሒታት ንወጽኢታዊ ስራሕ ክኾኑ ዝኽእሉ እዮም። ቀዳሚ ኩሉን ልዕሊ



ዶ/ር ኣብርሃም ዳዊት

ኩሉን ግን ኣካላውን ኣእምሮኣውን ጥዕና ዘለዎ ሰራሕተኛ ምውናን መሰረታዊ ነገር'ዩ።

ሲግሞንድ ፍሩይድ ዝተባህለ ክኢላ ስነኣእምሮ፡ "ወዲ ሰብ ካብ ዝዀነ ነገራት እቶም ዝጠዝሑ ተደላይን ዓበይ ናይ ምዃን ባህጊ ስለዘለዎ ዝዀነ እዩ" ይብል። ብተመሳሳሊ ቢኤፍ ስኪነር ዝተባህለ ናይ ስነኣእምሮ ክኢላ፡ "ሰባት ዝያዳ ኣተባባዒ ኩነታት ምስ ዝፍጠረሎም ኣፍረይቲ ይኾኑ" ይብል። ዚ ኣመለኻኽታ ናይዞም ክኢላታት መሰረት ብምግባር፡ ኣፍራይነት ሰራሕተኛ ንምድንፋዕን ብሉጽ ስራሕ ንኽሰርሕ ንምግባርን ኣተባባዒ ኩነታት ብምፍጣር ኣብ ዝሰርሖ ስራሕ ናይ ዋንነት ኩነት-ኣእምሮ ከሕድር ምግባር መሰረታዊ ምኳኑ ርእሰ ግሉጽ እዩ።

ኣካላዊ ጥዕና ሰራሕተኛታት ከም ዝሕሎ ምግባር እውን ኣገዳሲ ክፋል ናይ ምዕባይ ኣፍራይነት እዩ። ኣብ ስራሕ ዓለም ዘዋፈር ሰብ ዓቕሚ ኣዳምን ሄዋንን ምስ ዝበጽሕ እዩ። ሓለፍቲ ተሰማሚዖም ኩነታት ጥዕናኡ ናይ ምሕላው ዓቢ ሓላፍነት ድማ ናቶም እዩ። ሰራሕተኛ ትካል መንግስቲ፡ ሓለፍቱ ብመሰረት መምርሒታት ዝሰርሓሉ ትካልን መንግስትን ንህዝቢ ኣገልግሎት ምሃብ ክሳብ ዝኾነ ናብ ምዱብ ቦታ ስርሑ ኣብ ዝመጽኣሉ፡ ኣካላውን ኣእምሮኣውን ጥዕናኡ ውሑስ ምዃኑ ከረጋግጽ ይግባእ።

ኣብ ግዜኡ፡ ምዱብ ጥዕናዊ መርመራን ክትትልን ምኪያድ ክልመድ ዘለዎ ባህሊ እዩ። ከም ሰብ ሞያ ጥዕና ዝብልዎ "ካብ ሓሚምካ ሕክምና ተኸናኺንካ ጥዕና" ስለ ዝኾነ ኑቢሲ ወከፍ ሰብ፡ ብፍላይ ሰራሕተኛ ከተግብሮ ዝግብኦ እዩ። ሰኣን ቀጻሊ ሕክምናዊ ክትትል ምግባር፡ ጥዕንኻ ምሕላውን ሕማም ክሓውዩሉ ኣብ ዘይክእል ደረጃ ምስ በጽሐ ናብ ትካል ሕክምና ዝኸይድ ሰብ ብዙሕ እዩ። በዚ ምኽንያት ህይወቱ ዝሓለፍን ድሕሪ ብዙሕ ስቅያት ዝሓወን ብዙሕ እዩ።

ህይወት ወዲ ሰብ ብሰንኪ ሸለልትነት ናይ ዋናኣ ቀዳሚ ግዜኣ ክትቁጸ ካብ ምርኣይ ዝዓበ ትራጀዲ ክህሉ ኣይክእልን እዩ። ብፍላይ ኣብ ንጡፍ ስራሕ ብምዃን ንህዝቢ ኣገልግሎት ኣብ ምሃብ ዝርከብ ሰራሕተኛ፡ ኣብ ጥዕናኡ ዘጋጥም ሳዕቤን ንተገልጋሊ ህዝቢ'ውን ስለዝዝሰ፡ ዘጋጥም ክሳራ ድርብ እዩ። ትካላት'ውን ዚ ኣብ ግምት ብምእታው ኩነታት ጥዕና ናይ ሰራሕተኛታተን ኣብ ግምት ብምእታው እጃመን ክዋጽኣ ይግባእ።

ልዑል ደረጃ ኣፍራይነትን ኽሰጋገን ኣብ ዘመዝገቡ ሃገራት ዓለም፡ እቲ ቀንዲ ሞተር ኣፍራይነቶም ዝበረ ነገር፡ ንንቕሓት ሰራሕተኛ ኣብ ዘርያ ኣካላውን ኣእምሮኣውን ጥዕናዊ ኩነታቱ ኣብ ምዕባይ ዝተጻወትዎ ተራ እዩ። ንቕሓት ሰራሕተኛታት ኣብ ምዕባይ ሕክምናዊ ክትትል ዓቢ ተራ ተጻዊቶም። ኣፍራይነት ዝተዋህበካ ዕዮ ኣብ ግዜኡ ብምፍጻም ዝልካዕ ክሳብ ዝኾነ ጥዑይ ኣካልን ኣእምሮን ምውናን ዚ መሰረታዊ ረቛሒ እዩ።

ንቕሓት ሰራሕተኛ ኣብ ዘርያ ስርሑ ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣብ ዘርያ ጥዕናኡ ምስ ዝዓቢ ኣብ ኣፍራይነትን ብቕዓትን ሰራሕተኛ ቅልጡፍ ኽሰጋስ የምጽእ። ስልጠናታትን ትምህርትን ምውዳብ ኣገዳሲ ነገር እኳ እንተኾነ ወዱብ ብዘኾነ መንገዲ ትካላት፡ ኣብ ጥዕና ሰራሕተኛታቶም ዝዀበርዎ ወፍሪ'ውን ኣገዳሲ ባእታ እዩ። ቀጻሊን ዘዋጻኢ'ኽን ተበግሶታት ትካላት ኣብ ምሕላው ኣካላውን ኣእምሮኣውን ጥንካረ ናይ ሰራሕተኛታቶም ምስ ቀጻልነትን ዕብየትን ናይ ትካላት ተዛማዲ ዝኸይድ ነገር እዩ።

ሚ/ዕ/ማ/ድሕነትን ከም ዝኾነ መንግስታዊ ትካል፡ ኣባላቱ ኣካላውን ኣእምሮኣውን ጥዕና ወኒኖም ኣፍረይቲ ንክኾኑ ዝተፈላለየ መደባት ዝሰርዕ ትካል እዩ። ማሕበራዊ ጸገማት ናይ ሕብረተሰብ ኣብ ምፍታሕ፡ ምክልኻልን ምእላይን ከምኡ'ውን ሕብረተሰብ ውሑስ ስራሕ ሃልይዎ ዝተረጋገአ ህይወት ክመርሕ ኣብ ምግባር ኣድሂቡ ዝሰርሕ ሚኒስትሪ ዕዮ፡ ኣፍራይነት ናይ ኣባላቱ ኣብ ምስላጥ መዓልታዊ ንጥፈታት ናይቲ ትካል ኣገዳሲ ምዃኑ ዝግንዘቦ እዩ። ኣባላት ናይቲ ሚኒስትሪ፡ ዕላማታትን ራእይን ናይቲ ሚኒስትሪ ክተግብሩ እንተ ኾይኖም፡ ኣካላውን ኣእምሮኣውን ጥዕናኦም ዝተማልአ ክኸውን ከም ዝግባእ'ውን ሚኒስትሪ ዝርድኦ ሓቂ እዩ።

ኣእምሮኣዊ ዓቕሚ ናይ ኣባላት ንምዕባይን ንቕሓት ንምብራኽን ኣብ ኣባላቱ ብቐጻሊ ስልጠናታትን ኣስተምህሮኣዊ መደባትን የካይድ። ኣካላዊ ጥዕናን ጥንካረን ናይ ኣባላት ንምሕላው ድማ ብዘተወደበ መንገዲ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ምኪያድ ይደፍኣሉ። ናይዚ መርኣያ ስፖርታዊ ንጥፈታት ኣብ መንጎ ኣባላት ናይቲ ሚኒስትሪ ልሙድ እዩ። እዚ ኣብ ምዕባይ ኣፍራይነት፡ ፍቕሪ ሓድነት፡ ብጾይነት ከምኡ'ውን ኣካላውን ኣእምሮኣውን ጥዕና ኣባላት መሰረታዊ እዩ።

ኣባላት ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን፡ ኣብ መንጎኦም ንዘሎ ማሕበራዊ ቁጠባዊ ዝምድናታት ንምድንፋዕ ዝመስረትዎ ንኹሉ ኣባል ሚኒስትሪ ዝጥርንፍ "ሓልዮት" ዝበሃል ማሕበር ኣለዎ። እዚ ማሕበር እዚ፡ ኣብ መንጎ ኣባላት ሚኒስትሪ ኣብ ስራሕን ካብኡ ወጻእን ንዘሎ ዝምድናታት ኣብ ምዕባይ ዝተጻወቶ ተራ ዓቢ እዩ።

እዚ ማሕበር፡ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ክልተ ዓመት ብኣባላት ሚኒስትሪ ብዝምረጹ ሰራሕተኛታት ዝካየድ እዩ። ብኣባላት ዝምረጹ ኣካየድቲ ዝተፈላለዩ ንጥፈታት ናይቲ ማሕበር ናይ ምምራሕ ሓላፍነት ኣለዎም። ቅርጺ ናይቲ ማሕበር ብኣቦ መንበር፡ ምክትል፡ ፋይናንስ፡ ዕቃብ ንብረትን ተጠባባቒ ኣባላትን ዝቖመ እዩ። ኩሎም ኑቲ ማሕበር ናይ ምኪያድ ሓላፍነት ዘለዎም ኣባላት ድማ፡ ኣባላት ሚኒስትሪ ዕዮ እዮም።

ማሕበር ሓልዮት ሚ/ዕ/ማ/ድሕነትን ኣብዚ ከይተሓጽረ፡ ምስ መሻርኽቲ ኣካላት ብምትሕብባር ኣባላት ኣብ ወለንታዊ ንጥፈታት ልግሲ፡ ደምን ማሕበራዊ ንጥፈታትን ካልኦን ከምዝሳተፉ ኣብ ምግባር'ውን ተራኡ ተጻዊቱ እዩ። ንኣባላት ሓደ ትካል፡ ኣብ ማሕበር ምጥርናፍ ዘለዎ ተራ ዓቢ እዩ። እዚ ከኣ፡ ኣባላት ኣብ ርእሲ'ቲ ልሙድ መንግስታዊ ስራሖም፡ ኣብ መንጎኦም ዘሎ ፍቕርን ሓድነትን ምድልዳል መሰረታዊ ነገር እዩ።

እቲ ማሕበር፡ ንናይ ስራሕ ንጥፈታቱን ዕላማታቱን ዘውክል ቅዋም ኣለዎ። እዚ ከም መርሓ ጎደና ኮይኑ፡ ንጥፈታት፡ ዕላማታትን ራእይን ማሕበር ኣብ ምምእዛን ተራኡ ይጻወት። ካብ ዝቖመሉ እዋን ኣትሒዙ ክሳብ እዚ እዋን፡ ዝድላ ክትዓትን ዝርርብን እናተኻየደሉ፡ ኣብ ምምእዛን ማሕበር ሓልዮት ዓብይን ኣገዳስን ተራ ኣብ ምጽዋት ደርኪቡ።



ኣካየድቲ ናይ ማሕበር ዝኾኑ ኣባላት፡ ንንጥፈታት ናይ ማሕበር ንምምዕጋም ቀጻሊ ምይይጣትን ገምጋምን የካይዱ እዮም። እዚ ቀጻልነት ማሕበር ወጽኢታዊ ኣብ ምግባር መሰረታዊ ነገር እዩ።

ብወለንታዊ ተበግሶ ኣባላት ዝቖወም ማሕበር ኣድላይነቱ ልዑል እዩ። ናይ ዋንነት ስምዒት ምህላው ከኣ፡ ኣገዳሲ ክፋል ወጽኢታውነት ኣብ ስራሕ እዩ። ናይ ዋንነት ስምዒት ዘለዎ ሰራሕተኛ ምህላው ንባዕሉ፡ ንኣፍራይነት መሰረታዊ እዩ። ሰራሕተኛታት፡ ብወለንታኦም ዝፈጥርዎ ማሕበር ኣብ መንጎኦም ዝሎ ስጥመትን ምርድዳእን ስለ ዘዕቢ፡ ኣባላት ናይ ዋንነት ስምዒት ኣሕዲሮም ንጥፈታቶም ከሰላስሉ ወሳኒ ድርኺት ዝፈጥር እዩ።

ኣብ ቀረባ እዋናት፡ "ኣብ ማሕበረ ቁጠባዊ ኩነታት ኣባላት ሚኒስትሪ ጥራይ ከየተኮርና፡ ጥዕናዊ ኩነታቶም ዝፈልጡሉ ኩነታት ኣብ ምፍጣር'ውን ተበግሶ ምውሳድ ኣገዳሲ እዩ" ዝበል ሓሳብ ብኣካየድቲ ማሕበር ሓልዮት ምስ ቀረበ፡ ምስ ዝምልከቶም ኣካላት ሚኒስትሪን ዚ መደብ ኣብ ምትግባር ዝተመርጸ መሻርኽቲ፡ ኮማዊ ሆስፒታል ጎዳይፍን ዝርርብ ተኻይዱ። ኩሉ ኣማራጺታት ኣብ ግምት ብምእታው ድማ ኮማዊ ሆስፒታል ጎዳይፍ ተደኩኑሉ ዝርከብ ቦታ፡ ናብ ማእከላይ ቤ/ጽ ሚኒስትሪ ዕዮ ዝቐረበ ብምዃኑን እቲ መደበር ጥዕና ኑቲ ሓሳብ ብክፉት መንፈስ ስለዝተቐበሎን፡ ኣብ ቀጽሪ ሚኒስትሪ ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ኣባላት ሕክምናዊ መርመራ ክካየዱ መደብ ተታሒዙ።

በዚ መሰረት፡ ኣባላት ሚኒስትሪ፡ ምስ ኮማዊ ሆስፒታል ጎዳይፍ ብምትሕብባር፡ ንክልተ መዓልታት ዝቐጸለ ካብ ክፍሊት ናጻ ዝኾነ መርመራታት ጸቕጢ ደም፡ ሽኮር ከምኡ'ውን መርመራ ዓይኒ ኣብ ቀጽሪ ሚ/ዕ/ማ/ድሕነትን ከም ዝረኽቡ ተገይሩ። እቲ መደብ ካብ ሰዓት 9 ክሳብ ፍርቂ መዓልቲ ዝተዋህበ ኮይኑ፡ ኣባላት በብክፍሎም ብምምዝጋብ ብውርጹጽ መንገዲ ኣብቲ መደብ ተሳቲፎም። እቲ መርመራ 198 ኣባላት ሚኒስትሪ ዝተሳተፍዎ ኮይኑ፡ ኩነታት ጥዕናኦም ክፈልጡ ኣገዳሲ ባብ ዘርሓወ ብምንባሩ፡ ኣባላት ብተገዳስነት ተሳቲፎምዎ።

ካብ ኮማዊ ሆስፒታል ጎዳይፍ ዝመጽኡ ሰብ ሞያ ጥዕና ብወገኖም፡ ሞያዊ ስነ-ምግባር ሕክምና ብዝሓለወ መንገዲ ንኣባላት ሚኒስትሪ ዘድልዮም ሓገዝ ኣብ ምብርካት ዝለኣደ ተራ ነይሩዎም። ኣብ መርመራታት ከይተሓጽሩ ንኣባላት ዘድልዮም ጥዕናዊ ምኽርታት'ውን ሂቦም። ብመሰረት ሰብ ሞያ ዝሃብዎ ምኽሪ፡ ሕክምናዊ ክንክን ዘድልዮም ኣባላት፡ ንምኽሪ ሰብ ሞያ ተኸቲሎም ጥዕናኦም ከመሓይሹ፡ ኣብ ጽቡቕ ኩነታት ዘለዉ ከኣ ንዕኡ ክዕቅቡ ተላብዮም።

ኮማዊ ሆስፒታል ጎዳይፍ፡ ጎደኒ ጎደኒ እቲ ንህዝቢ ዝሀቦ ኣገልግሎትን ዘለዎ ጸዕቂ ስራሕን፡ ብዓቢ ትግሃትን ተወፋይነትን ንኣባላት ሚኒስትሪ ዕዮ ዝሃቦ ኣገልግሎት ሕክምናዊ መርመራ ዝኣደን ክቕጽል ዝጉብኦን እዩ። ሞያ ሕክምና ከም ሞያ ንሕልናዊ ዕግበትን ሓገዝ ሕብረተሰብን ቀዳምነት ዝሀብ ብምዃኑ፡ ዚ ዝተገብረ ኣባላት ኮማዊ ሆስፒታል ጎዳይፍ ዝሃብዎ



ኣቶ በርሀ ኣርኣያ

ኣገልግሎት ክደናቐፍ ብቐሊሉ ክስዓቦ ኣለዎ።

መዳኸል ዳይረክተር ኮማዊ ሆስፒታል ጎዳይፍ ዶክተር ኣብርሃም ዳዊት፡ ኮማዊ ሆስፒታል ጎዳይፍ ኣብ 2004 ንጥፈታቱ ዝጀመረ መደበር ጥዕና ከም ዝኾነ ጠቒሱ፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ጎዳይፍ ጥራይ ከይተሓጽረ ካብ ኩሉ ከርንታት ሃገር ንዝመጽኡ ዜጋታት ሕክምናዊ ኣገልግሎት ከም ዝህብ ገሊጹ። ዶ/ር ኣብርሃም ኣዩቡ፡ "ጉልበት ሰሙ ከም ዝመልከቶ ኮማዊ ማለት ኣብ ህዝቢ ዘተኮረ ስለ ዝኾነ ህዝቢ ክመጽእና ጥራይ ከይጸበና ኣብ ዝተፈላለዩ ትካላትን ኣብያተ ትምህርትን እናኸድና ብናጻ ሕክምናዊ ኣገልግሎት ንህብ። ኣብ ኣፍራዪ ክፍሊ ዕድመ ዘሎ ዜጋ ኩነታት ጥዕናኡ ክፈልጥ ንደርሕ ኢና" ክብል ገሊጹ። ካብ ሓሚምካ ሕክምና ተኸናኺንካ ጥዕና ስለ ዝኾነ ብፍላይ ኣብ ከም ሽኮር፡ ጸቕጢ ደም፡ ዓይኒ፡ ስኢ ዝኣመሰሉ ዘይተመሓላለፍቲ ሕማማት ንዘሎ ንቕሓት ንምዕባይ ብዕቱብ ክሰርሕ ከም ዝጀመረ ኣስሚሩሉ። ኣብ ቀጺሉ መደባቶም'ውን ከምቲ ምስ ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ብምሽራኽ ዝተዋህበ ናጻ ሕክምናዊ ኣገልግሎት፡ ምስ ካልኦት ትካላት ብምትሕብባር'ውን ክሰርሑ ደሊዮም ከምዘለዉ ዶ/ር ኣብርሃም ዳዊት ሓቢሩ።

ነቲ መደብ ወዲኡ ኣብ ምዕዋት ልዑል ተራ ካብ ዝነበሮም ኣቦ መንበር ማሕበር ሓልዮት ሚ/ዕ/ማ/ድሕነትን ኣቶ በርሀ ኣርኣያ፡ እቲ መደብ ኣባላት ሚኒስትሪ ዕዮ ኣካላውን ኣእምሮኣውን ጥዕና ሃልዩዎም ኣፍራይነቶም ክዓቢ ኣጊዱ ምዃኑ ገሊጹ። እቲ መደብ ዕወት ንኽኸውን ሰናይ ተራኦም ንዘበርከቱ ኣባላት ሚኒስትሪ ዕዮ፡ ኣባላት ማሕበር ሓልዮት፡ ብፍሉይ ድማ ሓለፍትን ሰራሕተኛታትን ኮማዊ ሆስፒታል ጎዳይፍ ምስጋኑ ኣቕሪቡ።

ተጠቀምቲ ናይ'ቲ መደብ ዝኾኑ ኣባላት ሚኒስትሪ ዕዮ ብወገኖም እቲ መደብ ንዘዳለዉ ኣካላት ብምምስጋን ካብ ክፍሊት ናጻ ዝኾነ ሕክምናዊ መርመራታት ምርካቦም ኣብ ዕለታዊ ህይወቶምን ናይ ስራሕ ኣፍራይነቶምን ዓቢ ድርኺት ዝፈጥር ስለ ዝኾነ ቀጻልነት ክህልዎ ከምዝደልዩ ተላብዮም።

# መንገዲ ኣጋርን ብሽክለታን ነውሕስ!

ዳህላክ ነጋሲ

ስእሊ - ፊያሜት መስፍን



ዓለማዊ ቅነ ድሕነት ጽርግያ፡ “መንገዲ ኣጋርን ብሽክለታን ነውሕስ” ብዝብል ቴማ፡ ብሃገር ደረጃ ብ17 ግንቦት ኣብ ኣስመራ - ኣዳራሽ ሆቴል ሃምበርተ ተኸቢሩ። ኣብቲ ዕድመ ዝተዘብረሎም ወከልቲ ዝተፈላለዩ ሚኒስትሪታት፡ ሃገራውያን ማሕበራት፡ ወከልቲ ኣህጉራውያን ውድባት፡ ካልኦት ዕዱማት ኣጋይሽን ተመዛሮን ዝተረኽብሉ፡ ድሕነት ኣጋርን ተጠቀምቲ ብሽክለታን ንምውሓስ ብርኽት ዝበሉ ንጥፈታት ክካየዱ ከም ዝቖጸ ተገሊጹ።

ኣብቲ ኣጋጣሚ ኣብ ሚኒስትሪ ጥዕና ግዜያዊ ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ህዝባዊ ጥዕና ዶ/ር ዓንደብርሃን ተስፋጽዮን ኣብ ዘስመዖ መደረ፡ ሕቡራት ሃገራት ዓለማዊ ቅነ ድሕነት ጽርግያ ካብ 12-18 ግንቦት ክካየድ ከም ዝወሰነ ብምጥቃስ፡ ዕላማኡ ድማ ኣጋርን ተጠቀምቲ ብሽክለታን ውሑስ ጉደናታት ንኽጥቀሙ ንምውዳብን ንምጥጥቓን ኩይኑ ንምዕዋቱ ሓንጸጽቲ ፖሊሲታት ብዕቱብ ክሰርሕሉ



ዶክቶር ዓንደብርሃን ተስፋጽዮን

ጸውዒት ከም ዘቕረበ ኣገዚቡ። ኣብ መላእ ዓለም ሓደጋታት ትራፊክ ቀንዲ ጠንቂ ሞትን ስንክልናን ኩይኑ ከም ዘሎ ብምሕባር፡ ብሰንኩ ዓመታዊ ኣስታት 1.2 ሚልዮን ሰባት ከም ዝሞቱ፡ ልዕሊ ፍርቆም ኣጋር፡ ተጠቀምቲ ብሽክለታን ሞተር ብሽክለታን ምዃኖም ኣፍሊጡ። እቶም ቀንዲ ግዳያት ሓደጋታት ትራፊክ ጽርግያ ካብ ክሊ ዕድመ 5 ክሳብ 29 ዝጽሕ ኩይኖም፡ ካብ'ቶም 10 ኣብ ጽርግያ ዝሞቱ ሰባት እቶም ትሸዓተ ኣብ ትሕትን ማእከላይን እቶት ዘለወን ሃገራት ከም ዝበጽሑ፡ ብተወሳኺ ካብ 20 - 50 ዝጽሑ ሰባት ድማ ኣካላዊ ጉድኣትን ዝተፈላለየ ደረጃታት ስንክልናን ከም ዘጋጥሞም ወሲኹ ኣብሪሁ።

ዶ/ር ዓንደብርሃን ኣስዒቡ፡ “ሓደጋታት ትራፊክ ጽርግያ ዘስዕቦ ስብኣዊ ስቓይ፡ ኣብ



ካፒቴን ብርሃነ ዘካርያስ

ልዕሊ ግዳያትን ስድራቤቶምን ከቢድ ቀጥባዊ ጾር ዘስዕብ እዩ፡ ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ሃገራዊ ቀጥባ ከቢድ ጽልዋ ስለ ዘሕድር፡ ሃገራት ዓመታዊ ኣስታት 3% ካብ ሓፈሻዊ እቶተን ከጥፍኣ ይግደዳ፡ ስታቲስቲካዊ ጸብጻባት ሃገርና ከም ዘርኣዮ'ውን፡ ካብ 2023-2024 ኣስታት 6,624 ሓደጋታት ኪጋጥም እንከሎ፡ 239 ሰባት ከም ዝሞቱ የረጋግጽ። ከምኡ ድማ፡ መንግስቲ ምስ ኩሎም መሻርኽቲ ብምውህሃድ፡ እዚም ዝስዕቡ ስጉምትታት ይወስድ ኣሎ። ብቐዳምነት፡ ሕግታት ትራፊክ ንምኽባር - ፍጥነት ምቁጽጻር፡ መቐነትን መከላኸሊ ቆብዕን ምጥቃም እዩ። ካልእ ኣደንቲ ወይ ኣቓልቦ ዘሕቡ ንጥፈታት ከም ስቲኻ ምዝዋርን ተንቀሳቓሲ ተሌፎን ምጥቃምን ዘይምዝውታር ዝብል'ውን ዝሓቘፈ እዩ። ብዘይካ'ዚ፡ ዝሓሸ ጽርግያ ንምጥቃም፡ ንመካይንን ንኣጋርን ዝፈላሊ መንገዲ ምውዳድ። ከምኡ ድማ፡ ኣፍልጦን ንቕሓትን ሕብረተሰብ ክብ ንምባል፡ ገደብ ዕድመ ዘይፈላሊ ኃሳብሳት ምክያድ። ብተወሳኺ፡ ልዕሊ ኹሉ ድሕነት ትራፊክ ብኣጋጣሚ ዘይኮነ፡ ብተግባር ከም ዝረጋገጽ ምእማን የድሊ። ብሓፈሻ፡ ከምቲ ሓደጋታት ትራፊክ ንምንካይ ዝተፈላለዩ ስጉምትታት ዝወሰዱ ዘለዉ፡ ዘላቒ ምዕባለ ንምርግጋጽ ክሳብ 2030 ሞትን መጉዳእትን ብ50% ንምጉዳል ዓቢ ሸቶ ተቐሚጡ ኣሎ። ነዚ ዘላቒ ሸቶ ንምውቃዕ ኩሎም ኣካላት መንግስቲ፡ ግንባር ማሕበራትን ብውህደት ክሰርሑ ሚኒስትሪ ጥዕና ይጽውዕ” ክብል መደረኡ ዛዚሙ።

ኣብ ሚኒስትሪ መጎዓዝያን መራኸብታትን ዳይረክተር ጨንፈር ድሕነትን ምቁጽጻርን ኣቶ በየነ ተስፋማርያም ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ዓለማዊ ቅነ ድሕነት ጽርግያ ኣብ ሃገርና ንፈለማ ግዜኡ ይብዓል እኳ እንተ ሃለወ፡ ኣቐዲሙ ሚኒስትሪ መጎዓዝያን መራኸብታትን ምስ መሻርኽቲ ኣካላት ብምትሕብባር፡ “ሓደጋ ኣልቦ ሰሙን” ብዝብል ቴማ ዓመት መጸ ብሰልፍን ባይራትን ዝተሰነየ - ተመሃሮ፡ ኣጋር፡ ተጠቀምቲ ብሽክለታን መራሕቲ ተሽከርከርትን ዝሳተፍዎ ኃሳብሳዊ ኣስተምህሮ ክካየድ ምጽንሑ ይሕብር። ንሱ ወሲኹ፡ ኣብ ወቕቲ ክረምቲ ተመሃሮ ብምስልጣን ኣብ ጉደናታት ተዋፊሮም፡ ኣብ ማሰጋገሪ ሕንጻጽ ኣጋር ህጻናትን ሽማግለታትን ብውሑስ መገዲ ንኽሰግሩ ልዑል ኣበርክቶ ከም ዘለዎም ይገልጽ። ብዘይካ'ዚ፡ ዓመታዊ ቴክኒካዊ መርመራ ተሽከርከርቲ፡ ብቐዓት ኣሽከርከርትን ተሽከርከርትን ውሑስ ንምግባር፡ ሃንደበታዊ ወፍሪ ምስ መሻርኽቲ ኣካላት ብምውህሃድ ከም ዝካየድ ኣብሪሁ። መጠን ሓደጋታት ትራፊክ ካብ 2022 ክሳብ 2024 ዘጸር፡ ኣብ ውሽጢ ሰለስተ ዓመታት ኣብ መንጎ ኣጋርን ብሽክለታ፡ ኣጋርን መኪናን፡ ብሽክለታን መኪናን፡ ሞተር ብሽክለታን ብሽክለታን ዝገልጽ ብኣሃዝ ዝተሰነየ ጸብጻብ ኣቕሪቡ።

ሓላፊ ህዝባዊ ርክባት ፖሊስ ኤርትራ ካፒተን ብርሃነ ዘካርያስ ኣስዒቡ፡ ምርግጋጽ ድሕነት ትራፊክ ጽርግያ፡ ሓደ ካብ መሰረታውያን ዕማማት ፖሊስ ኤርትራ ምዃኑ ብምሕባር፡ እዚ ስለ ዝኾነ ድማ፡ ኣብ ዓመታዊ ውጥን 2025 ሓደጋታት ትራፊክ ብ5% ንምጉዳሉ ኣሚሙ ይሰርሕ ከም ዘሎ ይገልጽ። ንሱ ወሲኹ፡ “መዓልቲ ንጥፈታት ፖሊስ ትራፊክ ኣብ ኣዋጅ ትራፊክ ጽርግያ ቁ.154/2006 ዝተሞርከሰ ኩይኑ፡ ብመራሕቲ ተሽከርከርቲ ዝፍጸም ጥሕሰት ሕግታት ትራፊክን ሓደጋታትን ናብ ዝተሓተ ደረጃ ንምውራድ ምስ ዝተፈላለዩ መሻርኽቲ ኣካላት ሓቢሩ ይሰርሕ። ብተወሳኺ፡ ምስ ማሕበር ድሕነት ትራፊክን ኣብያተ-ትምህርትን ብምትሕብባር፡ ኣብ እዋን ክረምትን በዓላትን ተመሃሮ ኣብ ጉደናታት ብምውፋር፡ ምንቅስቓስ ተሽከርከርቲ ኣብ ምቁጽጻር ከም ዝወፍሩ ይግበር። ብዘይካ'ዚ፡ ምስ ሚኒስትሪ ዜና ብምዃን ኣብ መደብ ‘ቀስቲ ድሕነት’ ብንጥፈት ይዋሳእ። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ነዚ ዝተጠቕሰ ዕላማ ንምትግባሩ፡ ኣባላት ፖሊስ ዞባ ማእከል፡ ፖሊስ ትራፊክ ዞባ ማእከልን ደገፍ ወጻኢ ኣሃዱን ብሓባር ብምዃን ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ሰለስተ ወርሒ ን10 መዓልታት ዝጸንሕ ብ “ሓደጋ ኣልቦ ሰሙን” ዝፍለጥ ወፍሪ ኣብ ጉደናታት ኣስመራ ብምክያድ፡ ድሕነት ትራፊክ ኣብ ምውሓስ ከም ዝሰርሑ ይገብር

“ፖሊስ ኤርትራ ንቕሓት ሕብረተ-ሰብ ኣብ ድሕነት ጽርግያ ክብ ንምባል፡ ብሬድዮ ድምጺ ፖሊስ፡ መጽሔት ህዝብን ፖሊስን ከምኡ'ውን ባህላዊ ምርኢታት ጸዑቕ ኃሳብሳት ክካየድ እንከሎ፡ ኣብ ኩለን ዞባታት ዝተደኮና መደበራት ፖሊስ ድማ፡ ብመልክዕ ኣኼባታት ሰፊሕ ህዝባዊ ኃሳብሳት የካይድ። መሰረታዊ ዕላማ ናይዚ ኩሉ መዲያዊ ኃሳብሳት ድማ፡ ጥሕሰት ሕግታት ትራፊክን ሓደጋታትን ንምግታእ'ዩ። ብመንጽር'ዚ ኩሉ ዝካየድ ንጥፈታት ግን፡ ሓደጋታት ኣይጎደሉን። ንኣብነት፡ ጸብጻብ ፖሊስ ትራፊክ ዓመት 2024 እንተ ተመልኪትና፡ ብሃገር ደረጃ ዝተመዝገበ ብዝሒ ሓደጋታት 3,782 ሓደጋታት ከም ዝበጽሑ ይፍለጥ። ከም ሳዕቤኑ፡ 134 ዜጋታት ህይወቶም ክስእኑ ከለዉ፡ 614 ከቢድን 1,232 ድማ ፈኲስ ኣካላዊ መቑሰልትን ኣጋጢምዎም። ከምኡ'ውን ኣብ ንብረት ናይ ኣስታት 37,623, 796,14 ናቕፋ ዝግመት ዕንወት ወሪዱ። ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ምስ ዝተመዝገበ 3,523 ሓደጋታት ትራፊክ ክነጻጽር እንከሎ፡ ብ259 ማለት 7.3% ወሰኽ ኣርኢዩ ኣሎ። እዚ ኣሃዝ፡ ድሕነት ጽርግያ ውሑስ ንምግባር ኣበርቲዕና ክንሰርሕ ከም ዘሎና ዘዘኻኽር ናይ መጠንቀቕታ ደወል እዩ። እዚ ቅነ መላእ ሕብረተሰብ ብሓፈሻ፡ መራሕቲ ተሽከርከርቲ ድማ ብፍላይ፡ ሕግታትን ምልክታትን ትራፊክ ብምኽባር፡ ድሕነት ጽርግያ ናይ ምውሓስ ሪዚን ሓላፍነት እንስከመሉ ቅነ ምዃኑ ክንምገዝዞብ ይግባእ” ክብል ሰፊሕ መግለጺ ኣቕሪቡ።

ሓደጋታት ትራፊክ ጽርግያ፡ ኣብ መላእ ዓለም ቀንዲ ጠንቂ ሞት፡ ስንክልናን ዕንወት ንብረትን ኩይኑ ኣሎ። ነቲ ዕንወት ከቢድ ዝገብሮ እቶም ሓደጋ ዘጋጥሞም ኣፍረይትን ፈረይትን ዝኾኑ ክፋል ሕብረተ ሰብ ማለት መንእሰያት እዮም። ሚኒስትሪ ጥዕና ካብቲ ክውንነት ብምብጋስ ምስ ሚኒስትሪ መጎዓዝያን መራኸብታትን ከምኡ ድማ ቤት-ጽሕፈት ፖሊስ ብምዃን ንኣባላት ሚኒስትሪ መጎዓዝያን መራኸብታትን፡ ፖሊስ ትራፊክ፡ መራሕቲ ታክሲ፡ መምህራን ምዝዋር ተሽከርከርቲ፡ ኮሚሽን ባህልን ስፖርትን ዝኾኑ መንእሰያት፡ ኣብቲ ዕለት ንቕነ ድሕነት ጽርግያ ዘዘከረ ውድድር ሓፈሻዊ ፍልጠት ወዲቡ።

ዕላማ ናይ'ቲ ዝተኻየደ ሓፈሻዊ ፍልጠት፡ ሕብረተሰብ ኣብ ድሕነትን ተጠቃምነት ጽርግያን ዘለዎ ኣፍልጦ ብምብራኽ፡ ክስዕብ ካብ ዝኽእል ናይ ህይወት፡ ኣካልን ዕንወት ንብረትን ንምክልኻል ምዃኑ ኣብ ሚኒስትሪ ጥዕና ሓላፊ ኣሃዱ ምብህዛል ‘ሄልዝ ፕሮሞሽን’ ኣቶ ኣማኑኤል ግርማጽዮን ይሕብር። ብዘይካ'ዚ፡ ኩሉ ሕብረተሰብ ምስ መቕርቡ፡ መዘናኡ፡ መሳርሕቱ፡ ጎረቤቱን ካልእ ክፋል ሕብረተ ሰብን ናጻን ግልጽን ብምዃኑ ብዛዕባ ድሕነት ተጠቃምነት ጽርግያን ውሕስነቱን ከም ዝዛተ ንምግባር ከምኡ'ውን እቲ ውድድር ሓፈሻዊ ፍልጠት ብኣገልግሎት ሬድዮ ናብ ኩሉ ሕብረተ ሰብ ብምዝርጋሕ እቲ ዘድሊ ናይ ባህሪ ለውጢ ንምምጻእን ድሕነት ሕብረተ ሰብ ንምሕላውን ከም ዝተኻየደ ወሲኹ ኣጺሩ። ኣብቲ ኣጋጣሚ ተወዳደርቲ ድሕሪ ዝካየደ ርብርብ፡ ኣብ መሬጸምታ ንሰለስተ ዕወታት ተወዳደርቲ ሽልማት ተዓዲሉ።

ብደረጃ ዓለም ንመበል 8 ግዜኡ ዝተኻየደ፡ “ዓለማዊ ቅነ ድሕነት ጽርግያ”፡ ዕላማኡ ብደረጃ ሃገርን ከባቢን መገዲ ኣጋርን ብሽክለታን ውሑስ ንምግባር፡ ንትግበራኡ ኣማራጺታት ንምቕራብ ጭብጥን ንጹርን ንጥፈታት ብምድላው፡ ዝተፈላለዩ ትካላት መንግስቲ፡ መሻርኽቲ፡ ኣህጉራውያን ትካላት፡ ሲቪል ማሕበረሰብን ኣብያተ-ትምህርትን ንዘዝብርዎ ሓገዝ ንምትብባዕ እዩ። ዓለማዊ ቅነ ድሕነት ጽርግያ፡ ብውድብ ጥዕና ዓለም ካብ 12-18 ግንቦት ብደረጃ ዓለምን ሃገርን ብዝተፈላለየ ንጥፈታት ክጽንበል ከም ዝተወሰነ ይፍለጥ። ከም መግለጺ ውድብ ጥዕና ዓለም፡ ብቐንዱ ኣብ ህላወን ድሕነትን ኩሎም ኣጋር፡ ተጠቀምቲ ብሽክለታን ተሳፈርቲ ብሽክለታን ዘተኩረ እዩ። እቶም ዝካየዱ ንጥፈታት ድማ፡ ካብቲ ካልእ ኣገባብ ናይ መጎዓዝያ፡ ናብ ብእግሪ ምኻድን ብሽክለታ ምጥቃምን ብምስግጋር፡ ኣጋርን ብሽክለታን ጥዕና ዘለዎ፡ ቀጻልነቱ ዘውሓሰን ብመንጽር ቀጥባ ድማ ርትዓውን ዘርብሕን መርኣያ ጸቡቕ ኣቡት ትራንስፖርት ንምግባሩ እዩ። እቲ ዝካየድ ንጥፈታትን ዝወሰድ ተበግሶታትን ብቐጥታ ይኹን ብዘይቀጥታ ንዓለም ሃቂናቶ ዘላ ኣህጉራዊ ውጥናት፡ “ሸቶታት ዘላቒ ምዕባለ” ንምዕዋቱ ልዑል ኣበርክቶ ከም ዘለዎ ይሕብር።



ስእሊ - ፊያሜት መስፍን

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ


ሆቴል ኣስመራ ፓላስ እንቋዕ ንመበል 34 ዓመት መዓልቲ ናጽነት ኤርትራ ንምጽንባል ኣብቅዓና እናበለ፡ ንመላእ ህዝቢ ኤርትራን ሓይልታት ምክልኻልን የሃና ይብል

“መስመርና ድርዕና”

ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ ዝጽንበል ዘሎ ዕለት 24 ግንቦት 2025፣ ሆቴል ኣስመራ ፓላስ ነዚ መዓልቲ ንምምዕራግን ኣጋይሹ ንምሕጓስን ባህላውን ዘመናውን መግብታት፡ ብሉጽ ናይ ኣጋይሽ መደቀሲ፡ ምሕንባስ፡ ጅም፡ ባህላዊ ቡን ...ወ.ዘ.ተ ኣዳልዩ ስለ ዘሎ፡ ስድራቤትኩምን ፈተውትኹምን ሒዝኩም ብምስታፍ ተዘካሪ ቅንያት ክተሕልፉ ብኽብሪ ንዕድም።
ብደሓን ምጹና ከነኣንግደኩም ድሉዋት ኢና።




ርሑስ ቅንያት ናጽነት!!!

ዓወት ንሓፋሽ!

ንዝያዳ ሓበሬታ 153700 ደዊልኩም ተወከሱና።

ሆቴል ኣስመራ ፓላስ



ሬድሲ ቦትለርስ ሼር ካምፓኒ

(ኮካ-ኮላ)

ሬድ ሲ ቦትለርስ ሼር ካምፓኒ (ኮካ-ኮላ) ንህዝብን መንግስትን ኤርትራ እንቋዕ ናብ መበል 34 ዓመት በዓል ናጽነት ኣብጽሓና ይብል።

ሬድ ሲ ቦትለርስ ሼር ካምፓኒ

(ኮካ-ኮላ)

መ ስ መ ር ና ድ ር ዕ ና!

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ – ሓበን ገብረኣምላኽ – ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ኣቶ ሚከኤል በየነ ሃይለሚካኤል፡ ኣቦና በዩነ ሃይለሚካኤልን ኣዴና ኣብርሀት ክፍለ ገብረኣምላኽን ስለዝዋረሩ፡ ኣነ ምስ 2 ህልዋት ኣሕዋተይ 1 መዋቲ 5 ተተካእቲ ደቁ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/6/25 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ/32 ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ከሳሲት ፍዮሪ መብራህቱ ተስፋጋብር፡ ተኸሳሲ ሄኖክ መረስዕ ባህልቡ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ተመስሪቱልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን24/6/25 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ወ/ሮ ሰናይት ኣረፋይኑ ተጸዋዒት ወ/ሮ መብራት ተወልዱ፡ ብወህብቶ ዝተዋህበ ገዛ ናይ ስም ምትሕልላፍ ክሲ ተኸፊቱ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን11/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ፡፡ እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘለኽሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር፡፡

ከሳሲ ኣቶ ተስፋሚካኤል ገብረትንሳኤ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ዓንደሃይማኖት ክፍሉም፡ ናይ ገዝዚብ ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን18/6/25 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ ጉዳይካ ኣብ ዘለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር፡፡

መቀት ወልደዝጊ ክፍሉም ምባል ተረፉ፡ ዩኤል ወልደዝጊ ክፍሉም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ምንያ ተከኤ ሰለ፡ ኣቦይ ሰለብ ኪዳነ ኣደይ ዘውዲ ገብረሚካኤልን ስለዝዋረሩ፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/6/25 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ቐይሕ

ከሳሲት ወ/ሮ ራህዋ ተስፋሃንስ ገብረሚካኤል፡ ተኸሳሲ ኣቶ ኪዳነ ተስፋይ ዘርኣይ፡ ናይ ስም ምትሕልላፍ ክሲ ተኸፊቱ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን27/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘለኻሉ፣ ክረአ ምዃኑ ንሕብር፡፡

ወ/ሮ ንጸህቲ ኣብርሃ ኣድሓኖም፡ ኣቦይ ኣብርሃ ኣድሓኖም እማን ስለዝዋረረ፡ ኣብ ዝብቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረቱ ኣነ በይነይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ተስፋጋብር ተኽለ መብራህቱ፡ ሓወይ ሰመረ መብራህቱ ተወልዱ፡ ውላድ ስለ ዘይብሉ፡ ኣነ ምስ ተተካእቲ ደቂ ሓወይን ኣሕዋተይን፡ ናይ መብራህቱ ተወልደ ተተካእቲ 9፣ ሄዋን መብራህቱ ተወልደ ተተካእቲ 4፣ ኣረፈ ተስፋማርያም ተተካእቲ 8 ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ጾሮና

ተስፋማርያም ገብረኪዳንን ተኽኣ ገብረመስቀልን ጓልና ሓጅር ተስፋማርያም ገብረኪዳን ስለዝተሰውኣት፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረታ ንሕና ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ከሳሲት ሰሚራ እዩብ፡ ተኸሳሲ ሸሻይ ንጉሴ 2 ዓመት ደሃይ ስለ ዘይብሉ፡ ናብ ቤተ ዘመድ ሸማግለ ቀሪቡ ክረኣየለይ ይጸወዓለይ ስለ ዝበለት፣ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን27/5/25 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘለኻሉ፣ ክረአ ምዃኑ ንሕብር፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ማይ ምነ

ኣቅሰ ጎይትኦም ሽመንዲ ምባል ተረፉ፡ ሳምራዊ ጎይትኦም ሽመንዲ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ኣፍዓበት

ሓሰን መሓመድ ዓሊ ኣደም ምባል ተረፉ፡ ሓሰን መሓመድዓሊ ዓሊ፣ ኣምና መሓመድ ዓሊ ኣደም ምባል ተረፉ፡ ኣምና መሓመድዓሊ ዓሊ ተባሂሉ ይተኣረመልና ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

መሓመድ ዓሊ ሓምድ ዓሊ ምባል ተረፉ፡ ዓሊ ሓምድ ዓሊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ከረን

ወረ ነ/ሄር ሓምሳ ሄለቻ ገብረስላሴ ኣብርሃን 1. ኣቶ ካሕሳይ ገብርስላሴ ኣብርሃ 2. ኣቶ ኤልያስ ገብረስላሴ ኣብርሃ፣ ተጸዋዕቲ 1. ኣቶ ፍቕሮይ ገብረስላሴ ኣብርሃ 2. ኣቶ በረኸት ገብረስላሴ ኣብርሃ 3. ኣቶ ኣሌክሳንደር ክፍሉም፡ ንዓኹም ዝምልከት ንምቕሊት ውርሲ ብናይ ሲቪላዊ ክሲ ተመስሪቱልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን22/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር፡፡

ወ/ሮ ሪም ገብረትንሳኤ ኣርኣያ፡ ተጸዋዒ ኣቶ ሸዊት መዓሾ ዞሚካኤል፡ ንዓኻ ዝምልከት ናይ ሲቪል ክርክር ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን28/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር፡፡

መሓመድ ጃምዕ ዓብዱ፡ ተጸዋዕቲ 1. ኣቶ ኣድሪስ መ/ኑር እድሪስ 2. ቻይና ኢንተር ናሽናል ሞተር ሳይክል፡ ናይ ስም ምትሕልላፍ፡ ንም/ሳይክል ቁ/ሰሌዳ ER-1/1915 ዝኾነት ዝምልከት ሲቪላዊ ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን2/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር፡፡

ዓብደላ ኢብራሂም ጃምዑ ኣቶ ሃብተማርያም ኣስገዶም ሃይለስላሴ ን14-11-2002 ዓ/ም ብቑ መዝ 204 2002 ኑ፤ ቀዋሚ ንብረቱ ኣብ ከረን ከባ. 02 ዝርከብ ብመለለዩ ቁ/ንብረት 6000198 ፕሎት 51 ዝፍለጥ ብህያብ ስለዝዘበ ይጽደቐለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ ን11/06/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ከሳሲት ሰናይት ዞርያስ ብርሃኑ ተኸሳሲ ኣቶ ዞርያስ ዓንደብርሃን ተኽለ፡ ንዓኻ ዝምልከት ናይ ሲቪል ጉዳይ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን12/6/25 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ኣቑርደት

ወ/ሮ ንግስቲ ተወልደ ገብረሂወት፡ ተጸዋዒት እሙና ያቆብ ዑስማን፡ ን11 ዓመት ገዛይ ዓያ ከይዱ ገዛይ ክጥቀመሉ ስለ ዝበለት፣ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን2/6/25 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቅረቢ፡፡ እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘለኽሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር፡፡

ወ/ሮ በኪታ መሓመድ ዑስማን፡ ብዓል ቤተይ ማሕሙድ መሃመድ ኣበቦር ስለዝዋረረ፡ ኣነ ምስ ደቀይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ከምኡ'ውን ልቸንሳ BG-09800334 NINO-021-813 ዝኾነት ልቸንሳ ናይ ቤት ቁርሲ ናብ ስመይ ክሰጋገር ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ዓብደላ ዑስማን ዓብደላ፡ ተጸዋዒ እድሪስ ዑስማን፡ ክራይ ገዛ ን8 ዓመት ገዛይ ዓጸዩ ኣድራሻኡ ስለ ዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ይጸወዓለይ፡ ልቸንስኡ ተላዒሉ ገዛይ ክጥቀመሉ ስለ ዝበለ፣ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን2/6/25 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሞልቂ

ኪዳኑ መረስዕ መሓሪ፡ ኣቦይ መረስዕ መሓሪ ስለዝተሰውኡ፡ ብዓልቲ ቤቱ ወ/ሮ ራሃዊት ጺጋይ ኣስፍሃ ብ2012 ካልእ ስለ ዝተመርዓወት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ባረንቱ

ኣቶ ከርድ ኑርዲን ሰሌማን፡ ኣደይ ኑርዲን ሰሌማን ጠልሰም ምባል ተረፉ፡ ኣስረዲን ሰለማን ጠልሰም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ተሰነይ

ፋጡማ ዛህራ ዓብደላ ሰልማን ምባል ተረፉ፡ ፋጡማ ዓብደላ ሰሌማን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ነጃት ዑስማን ኣልኣሚን፡ ኣቦይ ዑስማን ኣልኣሚን ኣመድኑር ምባል ተረፉ፡ ዑስማን ኣልኣሚን መሐመድኑር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን31/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ፋጢማ ዓሊ ኢብና ዓሊ፣ ብዓል ቤተይ ዓብዱ ናስር ዓዋይ ስለዝዋረረ፡ 6 ደቁ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ኣስቴር ወልዳይ ዕንቋይ፡ ብዓል ቤተይ ተስፋይ ሃይለ ልዑብ ስለዝዋረረ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 8 ደቅና ከኣ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ተኸለሰንበት ተኽለኣብ ኪዳነ ምባል ተረፉ፡ ናትናኤል ተኽለኣብ ኪዳነ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ ን5/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓሰብ

ወ/ሮ ኣሚና ከሊፋ ዑስማን፡ ብዓል ቤተይ ዓብዱ እድሪስ ጂቶን ስለዝዋረረ፡ ኣነ ምስ 5 ደቁ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡



### ምስጋና

ብዕረፍቲ ኣቦናን ሓውናን ሚከኤለ ሰሮቲ ረዝዠ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፡ ኣብ ሆስፒታልን ገዛን ዝተመላለስኩም፡ ኣብ መካነ መቓብር ጸጸራት ዝቃበርኩምና ቤተሰብን ፈተውትን ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ንገልጽ፡፡

ደቁን ምሉኣት ስድራቤትን

---

ብስም ወረስቲ ነፍ/ ምሕረት ሃውኪን ነፍ/ ብእምነት ተሰማን ኣቶ ፍትዊ ብእምነት ምስ 7 ኣሕዋተይ ዝተመዝገበ፡ ኣብ ከተማ ኣስመራ ዞባ 1 ምም/07 ጎደና "ጋምቤላ" (ሓደሽ ጎደና መንደፈራ) ቁ.ገዛ 71/73 ዝርከብ፡ ኣብ ኮምሽን ኣባይቲ ብቑ.ምስክር ወረቐት 1119203 መወከሲ ቁጽሪ 127877 ዝተረጋገጸልና ናይዚ ገዛ ኦርጂናል ግዝያዊ ምስክር ዋንነት ኣባይቲ ከተማ ስለዝጠፍኣና፡ ዝረኸበ ወይ ድማ ብዕዳ ሒዙዎ ዝብል እንተሎ፡ ብቑጽሪ ስልኪ 07114304 ወይ 121766 ክትሕብሩና፡፡ እንተዘይርኪቡ ግን መተካእታ ዋንነት ሊብሬቶ ካብ ኮምሽን ኣባይቲ ክሓትት ምዃነይ እሕብር፡፡

ኣቶ ፍትዊ ብእምነት ተሰማ

---

ብስም ኣስመይት ገብረእግዚኣብሄር ንጉሰ ዝተመዝገበ፡ ብቑ.ፍ.ዋኒን ASL00043182 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ 4+ ኣስመራ ጎደና ኣይገት ቁ.ገዛ 34 ዝርከብ ናይ ክራይ ቤሎን ካብን ትካለይ፡ ንወ/ሮ ኣድያም ኣስገዶም ገብረምድህን፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ትራቨሎ ጎደና እምባ ሳይም ቁ.ገዛ 37 ካብ ዕለት 01/01/2025 ክሳብ ዕለት 31/12/2027 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ፡፡ እንተዘይርኪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቐጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ነፍልጥ፡፡

ኣስመይት ገብረእግዚኣብሄር ንጉሰ

ሪፖርታጅ

# ሓርነት ኣብ ጉደና ሓርነት

ኣብርሃም ዘርኢ (ወዲ ሃለቃ)
ስእሊ.- ክብሮም ጸሃየ

ህዝቢ ኤርትራ ኣብ'ዚ ቅንያት እዚ ንመበል 34 ልደት ናጽነቱ "መስመርና ድርዕና" ብዝብል መሪሕ ቴማ እዩ ከም ወትሩ ብህላውን ስሩዓዊ መሰናድኦታት ብውዕዉዕ መንፈስ ዘጽንብሎ ዘሎ። ልዕሊ ካልእ እዋን ድማ ኣብ ዘተኣማምን መድረኽ ኩይኑ ብፍሉይ የብዕሎ ኣሎ። እዚ ኩሉ ሳላ ነቕ ዘይብል ጽንዓቱን ሓድነቱን ዘሸፈሎ መስዋእትን ተወፋይነቱን ዝመጽኣ ልዑል ክብሪ እዩ። ኣብ ጫፍ ህሪት ናይ ፈሪታ ኩይኑ ሓገባሉ እንተ ገለጸ ከኣ ይንእሶ እምበር ኣይዓብዮን እዩ። እዚ በዓል ንምምዕራግ ዝካየድ ኩሉ መዳያዊ ንጥፈታት ድማ ዘመሓላልፎ ሪዚን መልእኽቲ ኣለዎ። ህዝቢ ጉልበቱ ከይበቖቐ ብተወፋይነት ሃገሩ ንምግልጋልን ናጽነቱ ንምዕቃብን ሰብኤ ዝኣተወላን ሕድሪ ሰማእታቱ ዘለደሰላን ዕለት እያ - በዓል ናጽነት።

ሰኑይ 19 ግንቦት 2025 ሰዓት 2:00 ድ/ቀ ቀንዲ ጉደናታት ኣስመራ ብህዝቢ ከዕለቕልቕ ተራእዩ። እቲ ምኽንያት ድማ እቲ ሃዋወህውን ጉደናን ከይጸንሐ ክምልሰልና ተራእዩ። በዓል ናጽነትና ብዝለዓለ ወኒ መንፈስን ንምጽንባል እቲ ወትሩ ብምምሕዳር ዞባ ማእከል ተወዲቡ ሓሊፉ፣ ብሰቲ ፓርክን ሚ/ሪ ትምህርቲን ሰንጢቑ ብካቴድራል ኣቢሉ፣ ኣንፈቱ ናብ ምብራቕ ሓዙ።

ኣብ ኢዶም ሰፍን ጉራዴን ኣብትርንን ከበሮን ዋልታን ጭማራን ጥንዴራን ካልኦት ፍሉያት ንበዓል ናጽነትና ዝገልጹ ነገራት ሒዞም ደረእዩ። ብሓፈሻ ሰልፈኛታት ዝተፈላለየ ንያታዊ መትዐብርን ጸወታትን ብሄራትናን ዘንጸባርቕ ባህላዊ ምርኢታትን እናገበሩ፣ ምዕሩግ ኣልባሳትን ናጽነትና ድማ መመለሲ ይኸላዕ።

ኣብ'ዚ ካርኒቫል ናይ ብሄረ ሳሆ ዝወከሉ ን/ዞባታት ቲራቮሎን ማእከል ከተማን ሳሪጉብሉ እናሳዕሰዑ ክዘሉ እንከለው፣ ናይ ብሄረ በሊንን ትግረን ዝወከሉ ን/ዞባታት ማይተመናይን ገጀረትን ከም'ኡ ድማ ጸጸራትን ሽሊልን ምርግዲን የቕበጥሉ። ናይ ብሄረ ዓፋር ዝወከሉ ኣርባዕተ ኣስመራን ኣኽርያን ከኣ ብሀራ ክዘሉ እንከለው፣ ኩናማን ናራን ዝጽሓፎን ን/ቅርዓት ተመድርሻ ትረአ። እዚ ኩሉ ንበዓል ናጽነትና ፍሉይ ክብርን መዓርግን ክህቦ ከኣሉ።

"መስመርና ድርዕና" ብዝብል መሪሕ ጭርሖ ብዓቢ ክብርን ሚዛንን እነኽብሮ ዘሎና ዕለተ ናጽነትና፣ ዕምቈት ትርጉሙ ብዘመሓላልፎ መልእኽቲ እዩ ዝዕየር። እቲ ምንታይ ዕለተ ናጽነትና መዓልቲ ሓለፍትን ዝኸርኑ መብጽዓን ቃልስኑ መዓልቲ ሓገሰን ተሰፋን ስለ ዝኾነት። ምኽንያቱ ከም'ቲ ኣቦና ወልደኣብ ወደማርያም ዝበልዎ እዩ። ናጽነት ካብ ምርካብ ምንክብኻብ ስለ ዝኸብድ።

ናይ ዝተፈላለዩ 2ይ ደረጃ ኣብያተ ትምህርቲ ዞባ ማእከል ዲቪዛ ተኸዲናም ጥንዴራን ባላንቺናን ዝላዙ ተማሃሮ'ውን ብሰልፊ ካርኒቫል ተሰሪዖም ዝተፈላለዩ ደርፍታትን መዛሙርን ናጽነት ተሰንዮም ኑቲ ዓቢ ሰልፊ ብሄራትና ደሰዐቡ። ብሳልሳይ ደረጃ ህዝቢ ዞባ ማእከል ብወገኑ እዘን ን/ዞባታት ከም'ኡ'ውን ምስቲ ኣብኡ ዝጸንሐ ኣሽሓት ህዝቢ ኣብ ዝተዳለወሉ ቦታ ኣሰኻላ ባሕቲ መስከረም ተቐመጡ። ላዕለዎት ሰበስልጣን መንግስትን ግንባርን ሚኒስተራትን ተመሃሮን ህዝብን ቦታኦም ምስ ሓዙ ድማ መደብ ብወግዒ ብዝክሪ ሰማእታት ፈለሙ። ብቐጥታ ድማ ናብ'ቲ ንበዓል ናጽነትና ተባሂሉ ብኮምሽንን ባህልን ስፖርትን ጉጅለ ባህሊ ኣሰር ዝተዳለወ ባህላዊ መሰናድኦታት ድማ ኣተወ። ፈለማ ድምጻዊ ኣብርሃም ተወልደ ቡቲ መረዋሕ ድምጹ ንጽንዓትን ዕላማን ህዝቢ ኤርትራ እትትንትን ደርፊ ምስ ኣቕረበ፣ ጉዳም ድምጻዊት ኣብርሀት ኣንከረ "ኣጆኺ ዓደይ ድቅስ ሕደሪ" እናበለት ኑቲ ኣብ ባሕቲ መስከረም በዓሉ ከድምቕ ተጓዒሙ ዝበረ ህዝቢ ብኮፉን ብደውን ከተናቃንቖ ተራእየት። እቲ ሓጸርን በርኽን በዓል ረጉድ ጉረሮ ድምጻዊ በረኸት ጎይትኦም "ሓሸው ሸው ኩብልየ ምስ ዞም ደቂ ዓደይ" እናበለ ምስ መዚቀኛታትን ተለሃይትን እናተላፈነ ንመድረኽ ባሕቲ መስከረም ኣማመቖ። ህዝቢ ድማ እናመቖ 'ሓሸውሸው ኩብል' ተራእዩ። ድምጻውያን የሰራ መሓመድ ብቛንቋ ትግረ፣ ኣሕመድ ኣሕመዲን (ደሮና) ንጅግንነትን መኸተን ዝይተጸዓድነትን ተወፋይነትን ህዝቢ ኤርትራ ዝገልጻ ደርፍታት ተኸታቲለን ምስ ቀረባ እቲ ክሱብ ሕጂ ኣብ ስሩዓዊ ኣበርክቱ ዘየርብርብ ጉዳም ድምጻዊ ተስፋይ መሓሪ (ፍሒራ) "ዓደይ ለምለም ሸዊተይ" ብእትብል ሃገራዊት ደርፉ፣ ንህዝቢ ኣብ ሓደ ረምታን ሰምረትን ወኑ ከሳዕሎ ሓደ ኩኑ።

ብፍላይ ሰዒቡም መድረኽ ዝተረከቡ መንእሰያት ድምጻውያን ማለት "ኤረና" እትብል ደርፊ ናይ ድምጻዊ ኣብርሃም ኣፈወርቂ ዝደገመ ኣልዩድ ዳዊትን፣ ኣባል ፖለስ ባንድ ዝኾነ ድምጻዊ ዑስማን ዑመርን ብቛንቋ ናራ "ቲፎ" እትብል ደርፊ ብምቕራብ ብፍሉይ ቅዲ ኣደራርፋ ምስ'ቲ እናዘለለን ኣፍ ልቡ እናሃረመን በዓሉ ዘጽንብል ዝበረ ኣሽሓት ህዝቢ እናተቓበሉ ንሃዋህው እቲ ጽንብል ዓመታዊ ዝካየድ መሳጢ ሰልፊ ካርኒቫል ምኻኑ ድማ ተገንዘብና። እዚ ክብር በዓል ንምድማቕ ዓቢይቲ ጥንዴራን ከበሮን ያታዊ መሳርያ ኩናትን ዝላዘ ኣሽሓት ህዝቢ ን/ዞባታት ዞባ ማእከል ኣብ ሹዳን ከበኦን ይተኣኻኸቡ።

ሰዓት 3:00 ድ/ቀ ምስ ኮነ ኩለን ን/ዞባታት ተር ከም ዓተር ብመሳጢ ኣገባብ ተሰሪዐን ንብዙሕነት ን9 ብሄራትና ዘኩልሕ ትሕዝቶታት ሒዘን ብልዑል መንፈስን ሃገራዊ ወኒን ብጓይላን ደብላን ተበገሳ። እቲ ዓርሞሸሸ ሰልፊ ካርኒቫል ብሲነማ ሮማ ሰልማትን ተኸዲናም፣ ብዘላን ደብላን ናብ ሜዳ ባሕቲ መስከረም ክምርሹ ደራእዩ። እዚ ኩሉ ተደማሚሩ ድማ ንበዓል ናጽነትና ብፍሉይ ዝብራቕ ነይሩ። ሰልፈኛታት ብሰምዒትን ወኒን ተደሪኾም ደም ሰብኡዮም ክውዒን መሓውር ኣእጋር ክተጥር፣ ኣእዳዎም ሰፍን ኣብትርን ዓቲረን ክድኑባ እውን ደረኢያ። ብኸልተ ወሰናሰን ጽርግያ ጉደና ሓርነት ኩይኑ ዝዕዙብ ህዝቢ ድማ ንሰልፈኛታት ዕልልታን ጣቕዒትን እናሰየ ንኹለን ን/ዞባታት የፋንወንን ብወኒ ምስኦም ይታጥርን። በዓል ዞባታት ጉዳይፍን ዕዳጋ ሓሙስን ሰንበል ድማ ናይ ሓድነትን ትብዓትን ዝገልጽ ትልሂት የርእዩ። ብሄረ ትግርኛ ዝላዙ ን/ዞባ ኣባሻውል ድማ ብኣውርስን ተሓፃሚሉ ክሕንብሉ እንከለው፣ ናይ ብሄረ ራሻይዳ ንኽፅምድርኹ ዝተዓደሉ ን/ዞባ ገዛ ጥንዳ ድማ ንባህል ወግዒን እዚ ብሄር ብዘፅምጥን ምርኢት የቕርቡ። ንብሄረ ብዳዊት ዝላዘ ን/ዞባ ፓራዲዞ ከኣ ንዥብታም ምስሊ እቲ ብሄር ዝገልጽ ትልሂት ካስ ከሰዕቡ ደረኣዩ። ኮታ ምልእቲ ኤርትራ፣ ከም ጽብቕቲን ሓዳስ መርዓትን ኣብ ሓደ በጠንኢሳን ዞባታቱ ተሰሪዑ ንውዕሎ ጅግንነትናን መንነትናን ዝገልጹ ደርፍታት ተሰንዩ ብዕልልታን ዝላን ብኸበሮን ደብላን ንርዝነት በዓል ናጽነትና የድምቑ። ብሓፈሻ ህዝቢ ኣብ'ዚ ትማሊ ዝተኻየደ ሰልፊ ካርኒቫል፣ ብዝተፈላለየ ንመኸተናን ጽንዓትናን ዘበርኹ ብመጉልሕ ድምጺ ዝፍነው ደርፍታት ተሰንዩ 'ንሉሚ ዘይከነ ኣይኹን' ብምባል ይሃጥርን ይታጥርን ይዝምርን የዕምርን። ኣስመራ ድማ ድማ ብደምቢን መቓልሕ ናጽነት ልዕሊ ካልእ እዋን ብፍስሃ ማዕረጋ ትረአ። ብትብዓታዊ መብራቒትን ሰልማትን ከም'ኡ'ውን ጥንዴራ ኤርትራን ዝተፈላለዩ ቴማታትን ወረቓ ተብረቕርቑ። ህዝቢ ድማ ብሓገሰን ወኻዕታን ኣብ'ታ ርእሲ ኣውደኣመቱ ዝኾነት ክብርቲ በዓሉ መመለሲ ይፍኽሀ።

ሰልፊ ካርኒቫል ኣብ ሜዳ ባሕቲ መስከረም ምስ በጽሐ፣ እቲ ኣብ ምርኢት ዝጸንሐ ህዝቢ ከራሳሰንዎ ተራእዩ። ህዝቢ ብሓባር ምስ ደርፍታቶም ይደርፍ፤

ኤረና ተሓረስኪ ክትልምልሚ
ቆጺሊ ኣልማዝ ክትሰለሚ ለዋህ መሬት
....ይብል ደጋጊሙ።

ከም በዓል ድምጻዊ መንግስትኣብ ጉብረገርግሽ፣ ኣሕመድ መሓመድ፣ ሚልዮን ነጋሲ፣ ካሊድ ዑስማን፣ ኦርዮን ሳልሕ፣ ራሄል ተኽለዝጊ፣ ሱሌማን ኣሕመድ፣ ኢርምያስ ክፍለዝጊ፣ ፋጥና ኢብራሂም፣ መሓመድ ዑስማን፣ ብርኽቲ ወልደሰላሴ (ታንኪ)፣ ኢስቲፋኖስ ኣብርሃም (ዞማች)..... ብዝኣመሰሉ ንኣሽቱን ጉዳይምን ድምጻውያን ብዝቐርበ ዝበረ ሕብራዊ ትሕዝቶታት ሕብሪ ናጽነትና ደመቐን ቀደድ ወሰል እናበለ እንከሎ፣ ኣማሲያኡ እቲ ውሓዚ ሸሻይ መደብ በዓል ናጽነትና ልክዕ ሰዓት 7:30 ናይ ምሸት ብሃገራዊ መዝሙር ተዛዚሙ።










# ዛዕባ ሎሚ

## መኸተ ሰዉር መቑሕ

2ይ ክፋል
ኣብርሃም ዮውሃንስ (እብር)

እተን ኣብ ምዝመዛ ሳልሳይ ዓለም፡ ብፍላይ ከኣ ኣብ ምዝመዛ ሰብኣዊ ሓይሊ ዝተሰለፋ ሃገራት፡ በቲ ስማዊ ክፍሊት ጥራይ ዝረኽብ ሕሰር ጉልበት ዝተሰርሐ ንብረት፡ ኣብ ዝተፈላለያ ሃገራት እናተላእከ ጸቡቕ ናይ ዋጋ ዕብየት ኣብ ምኽዕባት ይሕግዛ፤ ካብኡ ሓሊፈን ከኣ፡ ሰብ ብቐንዱ፡ ከም ኣቕሓ ብመልክዕ ጊልያ ካብ ሃገር ናብ ሃገር ኣብ ምሻጥ ተዋፊረን ጸኒሐን።

እዚ ዕድል’ዚ፡ ኣብዚ ሕጂ ዘለናዮ እዋን ከምዝጸለ ንኹሉ ብሩህ እዩ። እንተሃልዩ ድማ መልክዑ ለዊጡ ዝኸሰተ ድኣ’ምበር፡ ፈት ንፈቱ ንሱ’ዩ ዝቕጽል ዘሎ ንምባል ዘኽእል ኣይኮነን። ሎሚ ንሃገራት ኣፎም ከፊቶም “ግዝኣተይ” እናበሉ ክገዝኡወን ዕድል የብሎምን። ኑቶም ንሶም ዘመሓድሩዎም ኣሻንጉሊት መራሕተን ሓዚዎም ግን፡ መልክዕ ኣገዛዝኣአን ለዊጦም ንኽገዝኡወን ዘጸግም ነገር የብሎምን።

ነዚ ዕላማ’ዚ ንምትግባር እምበኣር፡ ድኹማት መራሕቲ ከምዝህልዉ ምግባር ሓደ ካብቲ ቀንዲ ዕዮ ጉዝኦም እዩ። ድኹማት መራሕቲ እንተድኣ መልሚሎምን ኣብ ስልጣን ከመጹ ኣኽኢሎምን፡ ኣብተን ብሰንኩም ንድሕሪት ገጸን ዝሕጥ ኢለን ዝጸንሓ ሃገራት ኣፍሪቃ ከተግብሩዎ ጸገም የብሎምን።

ኣብ ዘዘተላእኮ ጉዳይ ጥራይ ዝገዱ ድኹም መራሒ ዘለዋ ሃገር፡ እቲ ዝውድቦን ልክዕ መገዲ ዘትሕዞን ዝሰኣነ ህዝቢ፡ ኣንፈት ኣጥፊኡ ከም ዘሸፈ ዝተፈልጠ ነገር እዩ። ኣንፈቱ ዝሰሓተ ህዝቢ ድማ፡ ናብ ድቕድቕ ጸላም ገጹ ድኣ’ምበር፡ ናብ ጎደና ምዕባለ ከምርሕሲ ዝሕሰብ ኣይኮነን። ከምኡ እንተድኣ ኮይኑ ድማ፡ ቀሊብ ዓመቱ ምእታው ስኢኑ፡ ኣደዳ ጥሜትን ዓጸቦን ከምዝኸውን ርዱእ ነገር እዩ። ድሕሪ’ዚ፡ እቲ ኣብ ኣካላት ደቂ ሰብ ክቕልቀል ዝደልዩዎ መሰናግለ እንተድኣ ተሰሪዑሎም፡ ዕልልታኦም ካብ ምድርጋሕ ዝዓግቶም ሓይሊ የብሎምን። ቅጫኦም በሲላትሎም ማለት እያ።

ድኹም መራሒ ንምምጻእ ዝጥቀሙሉ ቀንዲ ብልሓታት እምበኣር፡ መድረኽ ምርጫ እዩ። ነታ ዕድል እቲኣ ዓቢ ምድላው ገይሮም እዮም ዝጸበዩዋ። ቅድሚ ዝኣገረ ክፈስስ ዘለዎ ገንዘብ እንተሃልዩ፡ ኑቲ ድሒሩ ዝኸሰት ሕቡእ ኣጀንዳ ኣሚኖም፡ ብዘይ ንሕሲያ የፍስሱሉ። ኣብታ ኣጋጣሚ እቲኣ ብዘፈጥሩዎ ስዉር መጥቃዕቲ፡ ሃገራት ኣይንላዕሲ ኣይንታሕቲ ኮይነን ኣደዳ ስዉር ኣባትሮም ምግባረን ቀንዲ ዕማሞም እዩ።

ኑቲ ክሰኣኽ ድኣ’ምበር ክመርሕ ዘይክእል ድኹም መራሒ፡ ኮነ ኢሎም፡ ጊዜ መረጻም፡ “ዲሞክራሲያዊ መራሒ!” እናበሉ ብምውዳስ ከበሮ ሓምሓም ይወቕዑሉ። ኑቲ ድኹም እናወደሱ፡ ኑቲ ንመጻኢ ክጥምት ዝኽእል ሓያል መራሒ ድማ፡ “ዲክታተር” ዝብል ስም ኣጠሚቖም፡ ካብ መንበር ኣልዩም ንመደብኦም ብዘይ ዝኾነ ተቓጻጺን እሕሕ በሃልን የተግብሩዎ።

በዚ ኾነ በቲ፡ እቲ ንጻውዒት ረድኤት ዘገልግል መሰናግለ ምቕልቃል ጥራሕ እዩ ዘድልዮም። ብኦሉ’ቲ ድኹም ክንሱ ከም ብቑዕ ዝተቐመጠ መራሒ ድማ፡ መሰናገለ ዝጠመየ ህዝቢ ምቕልቃሉ ዝተርፎ ኣይኮነን። ሽዑኡ እቲ ብሕርያኦም ዝመጸ ድኹም መራሒ፡ ቀዳመይቲ ጻውዒቱ ናይ ርድኢ ነጋሪት ምውቃዕ ትኸውን። ብዓንተቦኡ’ውን ንዓኣ ንኽገብር’ዩ ኣብታ መንበር ተቐሚጡ።

ክሰርሕ ስለዘይክእል፡ ኣፉ ከፊቱ ንዓዲ ጓና ሓግዙኒ ካብ ምባል ሓሊፉ፡ ንህዝቡ ክረድእ ዓቕሚ የብሉን። ብቐደሙ’ውን ብዓል ድሩት ዓቕሚ ብምዃኑ፡ ነታ ኣፉ ከፊቱ ኣእወዩ ሓገዘ ክሕተላ ኢና ዝበሉዎ ደገፍቲ ምርኻቡ ከም ዓቢ ሃገራዊ ኣበርክቶ ገይሩ እዩ ዝወስዶ።

ኣብዚ ደረጃ’ዚ ድማ’ዩ ንምዝመዛ ዝኸውን ምቹእ ባይታ ዝፍጠረሎም። ኣብ ትሕቲ ምሉእ ምቁጽጻሮም ምእታውካ እንተድኣ ኣረጋጊጾም፡ ንኣስገደድቲ ትእዛዞም ሓደ ድሕሪ ሓደ ተር ምባሎም ዝተርፍ ኣይኮነን። ሕሉፍ ሓሊፎም፡ ህዝቦም ክቕበሎ ዘይክእልን ዘይግባእን ኣጀንዳ ቅድመ ኩነታት ኩድም የብሱልካ። ብኸም’ዚ፡ ብጾዙእ ፍቓድካ፡ ንህዝብኻ ባህሉ ደምሰሱ ባህሎም ክቕበል ተገዲዶ። ኣብ ባህልኻ ነውርታት ኮይኖም ንዘጸንሐ ነገራት፡ ከይፈተኻ ትሰንጎም።

ባህልኻ ፈረሱ ኑቲ ኣፍኻ ክሰርጽ ዝደልዩዎ ናይ ልምሰት ኣርዑት ምስ ጸዓኑኻ፡ ናብ እሺ በሃላይ ትልወጥ። ዘዝኣዘዙልካ መድሓኒት ክትውሕጥ ትጀምር። መዓስ ምግሳም ጥራይ፡ መሬትካ ገቢቶም ማዕድናትካ እናገሓጡ፡ ግልጽ ኢልካ ከምዝይትርእዮም ትኸውን። መቓምጦኻ ኣጠፋፊኦምካ፡ እንተስ ጫት እንተስ እቶም ልዕሊ ጫት ዝሰርዑ ዓሌታት ዕጾ ፋርስ እናተቛደሱካ፡ ኑቶም ናይ “ንወደሲ ንወሳደሲ” ደርፍታትካ እናሳዕ ተጸብብቖም።

እዚ’ዩ እቲ ዳግማዊ መግዛእቲ። እቲ ዝቐደመ ጉናጺ ኣገዛብ ግዝኡ የእከሉ ምሉእ ብምሉእ ምስ ወጹ፡ ካልእ መልክዕ ለቢሱ ዳግም ዝተቐልቀለ ሓድሽ መግዛእቲ ግዝኣቱ ኣስፋሕፊሑ ብምሉእ ቀልቢ ይገዝእ። ቅድሚ ረብሕኡ ዝሰርዖ ነገር ስለዘየሉ፡ ሰላማዊ እናመሰለ፡ ኣብ ውሽጡ፡ “ዒም ዝበለ ይተሓገም!” ዝብል ስቱር ሓይሊ የንቀሳቕሰ።

ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ህሞት፡ እቶም ንቕሓት ዝደለቡ ኣካላት፡ ሃገር እናተጓሕጉሐት ምርኣይ ኑቡሶም ስለዘይጉብረሎም፡ ፈንጠርጠር ክብሉ ይኽእሉ እዮም። ይኹን እምበር፡ ንኽስ ግድፍ እናኣበልካ ዘይኮነ፡ ጭራ ኑብሪ ከይፈንኻ እንተተቓለስካ ጥራሕ ኢኻ እትዕወት። ምስኦ ኣውያት ዋጋ የብሉን። እቲ እንኮን ወሳንን ፈውሲ፡ ከይኮነ ምቅላስን ብንቕሓት ምጥማትን እዩ።

ኩናት ምውላዕን ምስዋርን እውን ሓደ ካብ ዕማሞም እዩ። ኣብ ኩናት ሃገር ትዓኑ ጥራይ ዘይኮነ፡ ካብ ዕለት ንዕለት ናብ ዝገደደ ጸበባ ገጻ ተምርሕ። ደቂ ሓንቲ ዜጋ፡ በቲ ምዕራባውያን ዝሰርሑሎም ጠያይት ይጥምጨጨሉ። ሚድያታት፡ ኑቲ ዝድግፍኦ ወገን እናወደሳ ንሞራል እቲ ዘይተደልየ ወገን እናደቐሳ፡ ኣብ ልዕሊ’ቲ ሳምባ ዝተኻዕዎ ኩነታት በዝሒን ይኽስክሳ። ህዝቢ ይሃልቕ፡ ይስደድ፡ ድኽዩ ተጸባዪ ረድኤት ይኸውን።

ኣኸሉ፡ ሃገሩ “ድሕሪ ሰለፉ እንታይ ተረፉ!” ይኸውን። ብትካላት እተን ሃገራት፡ ማዕበናት ኑዳድን ማዕድናትን ካልእ ሃብቲ ሃገርን ክጉሕጉሕ ይጅምር። እቲ ዲሞክራሲ እዩ ጎዲሉካ እናበሉ ኣብ ኩናት ሓድሕድ ዘሸመሙዎ ህዝቢ፡ ዝኾነ ምስ ኮነ ግደ ጣዕሳ ካብ ምኻን ዝሓልፍ ዓቕሚ ኣይረኽብን። ሃብቱ ናብ ዓዲ ጓና እናተጓረተ፡ ካብ መርገም ምድርጋሕ ሓሊፉ ዝገብሮ ነገር የብሉን። ምስትምሳል ቀንዲ ሓይሉ ትኸውን። ከይተፈለጦ፡ ብጾዚእ ፍቓዱ ሃብተ ጉቱ ይሸይጥ። ናይ ድኻታት ድኻ ይኸውን። ሓሰቡዎን ሓሊሙዎን ዘይፈልጥ ተጸባይነት ይዓስሎ። ተኻቢ ከምዝይክብሪ ተጸባይ ናይ ምኻን ተኸእሎኡ ይዓብ።

እዚ ሓሳብ’ዚ፡ ስለ ሓሳብ ዝተቐመጠ ኣይኮነን። ኣብቲ ናይ ተመጽወትቲ ምድብ ዝምደባ ብዙሓት ሃገራት እየን። ምስ ዘይተኣደነ ሃብተን ዘድኸያ ሃገራት እናተባህላ ካብ ዝጽውዓ ነዊሕ እዋን እየን የሕሊፈን። ብዘይካ’ዚ፡ ንጸኒሕ ናይ ድኽነት መግለጺኣን ኩናት



ሓድሕድ ይውሰኻሉ።

ሃገረ ኢትዮጵያ ምስ’ቲ ኹሉ ጸጋታታ ብትካቦ ምንባር ዝለመደት ሃገር እያ። ሃገረ ናይጀርያ፡ ብቐረብ ኑዳዲ ካብ ዓለምና ኣብ መበል 5ይ ደረጃ እትስርዕ ሃገር እያ። እታ ዝበዝሓ ዩኒቨርሲታት ዘለዋኣን ብዙሓት ምሁራት ዘፍረየትን ሃገር እናተባህለት እትፍለጥ ሃገር እውን እያ። እንታይ’ሞ’ዩ ክዮብስ፡ ኣብ ቅድሚት እናተሰራዕካ ከለኻ ህዝብኻ ብድኽነት እንተተቐጥቀጠ። ሃብተ ጉት ሃገር ንውሑዳት መራሕቲ ካብ ምስሳይ ሓሊፉ እንታይ ጠቓሚ ክህልዎ ይኽእል? ብዓል ሃገረ ሱዳን፡ ኮንጎን ካልኦትን እውን ብተመሳሳሊ መገዲ ዝጉዓዛ ዘለዋ ሃገራት እየን።

ብዘይካ እዚኦን፡ ኣብዚ እዋን’ዚ ብዝቀላቐል ዘሎ ሃገራዊ ንቕሓት፡ ሓያሊይ ካብ ሃገራት ምዕራብ ኣፍሪቃ፡ ካብቲ ናይ ተኻብን ለማንን ዝምድና ንኽናገፋ እጅገአን ክስብስባ ንርእየን ኣሎና። ኣብ ዓለምና፡ ገለ ካብተን ውሑዳት ዕቑር ማዕድናዊ ሃብቲ ዘለወን ሃገራት ክነሰን፡ ብድኽነት ተረሚሰን። ክንደ ቁጠባኣን ቋንቋኣን ከይተረፈ ተወሪሰን እየን ጸኒሐን።

ሕጂ ግን እሕሕ ክብላ ጀሚረን ኣለዋ። ማለ፡ ኒጀር፡ ቡርኪናፋሶ፡ ገለ ካብተን ኣብ ቅድሚት ዝተሰለፋ ሃገራት ኮይነን ካልኦት ሃገራት እውን ኣብኡተን እናተኸተላ ይኹዳ ኣለዋ።

ኩለን እዚኦን ሃብታማት ክነሰን ንሃብተ ጉተን ክጥቀማሉ ዘይተዓደላ ሃገራት እየን። ህዝበን ካብ ፈለማኡ እንተኾነ እውን ፍሕት ንኸይብል ዝተፈርደ’ዩ። ሓለንጊ ምዕራባዊ ዓለም ካብ መንበስበስትኡ ኣይተኣልየን። መግዛእቲ ተኣልዩ “ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ ዝጸንሓ ሃገራት ናጻ ወጺኦን” እናተባህለ እቲ ጸሊሕ መግዛእቲ ብምድሪ ቤት ወጺኡ ብሕጓ ብምምላሱ ብመልክዕ ሓድሽ መግዛእቲ ቁጠባኣን እናጓሕጐሐ ባህሊን ኣብ ምርማስ እዩ ተዋፊሩ። ኑቲ ክኸውን ዝግባእ መስመር ሓዘንአዶ ግን ዘይም ኢልካ ዝረአ ጉዳይ እዩ ክኸውን።

ብዘይካ እዚኣተን ግን ኣብቲ ናይ ምድብ ሃብታማት ጸኒሐን ናብ ዘኮሕኩሕ ሓሳረ መከራ ዝወደቓ ሃገራት እውን ኣለዋ። ወሃቢቲ ረድኤት ጸኒሐን ናብ ተመጽወትቲ ናይ ምምላሰን ዕዮ ብምልኣት’ዩ ዝሰርሓሉ። ሊብያን ዒራቕን ዝርከብኦን ብዙሓት ሃገራት ኤሲያን ኣፍሪቃን ኣብዚ ኣርእስቲ’ዚ ዝምደባ ኮይነን ካብ ላዕሊ ናብ ታሕቲ ዝወደቓ ሃገራት እየን። ናሕሲ ረቱዋ ርእየን ናብ ባይታ ድኽነት ተመሊሰን። ሓይልታት ምዕራብ፡ ሃብታ ዘወናወናም ሃገር፡ ኣብ ምድብ ሃብታማት ትጸናሕ ኣብ ምድብ ድኻታት ብዘየገድሰ፡ ነገራት ኣሳቢቦም፡ ህዝቢ ብምንፅዓብ ብዘሸርጥጡዎ ክርቢት፡ ኣደዳ ሕንሽፍሻፍ ይገብሩወን። ኣብ መውዳእታኡ ኸኣ፡ በቲ ስዉር መቑሖም ብምእሳር፡ ንሃብተ ጉተን ኣብ ቅድሚ ዓይነን እናረኣያ ይምዝምዙዎ።

ስለዚ፡ ኣብዚ እዋን’ዚ፡ መራሕቲ ሃገራት ጥራይ ዘይኮኑ፡ ህዝብታት እውን ንቕሓት ክየጥቁ ኣለዎም። ዓለምና፡ ካብዚ ምስሉ ለዊጡ ዝመጸ ሓድሽ መግዛእቲ ተመኪሮ ኣዋህሊላ ክትከውን ትኽእል እያ። እተን ዝቐደማ መምሃሪ ኮይነን ኣለዋ። እቲ ዝተረፈ ህዝቢ ዓለም ከኣ ክትቅሕ ኣለዎ። ድሕሪ ደገም፡ ኣህዛብ ሓይሊ ንቕሓት ተቐሪቶም ኣብደን ንምባል ቅሩብት ክኾኑ ኣለዎም። ናይ ተጸባይነት ኣተሓሳስባ ኣጥፊኦም፡ ንጉዙእ ኑቡሶም ኣሚኖም ክሰርሑ ክኽእሉ ኣለዎም። ንሰብኻ ባህልኻ ክትመሓደር ዝግባእካ ኣካል የለን ዝብል መንፈስ ኣብ ኣተሓሳስባኦም ክሰርጽ ኣለዎ።

**ይቕጽል**



# መስመርና ድርዕና!

## ዝኽሪ ግንቦት

## ዛዛሚ ግጥማት ሓርነታዊ ኩናት

## (1990 -1991)

(5ይ ክፋል)

*እዚ ብኢጋጥሚ መበል 34 ዓመት ጸንበል ናጽነት ኤርትራ፡ "ዝኽሪ ግንቦት" ብዝብል ኣርእስቲ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ እተቕርቦ ዘሎ ቀቅድሚ ናጽነት ዝበረ ሓያል ወተሃደራዊ ግጥማት ዝትርኽ ጽሑፍ፡ ኣብ መጽሓፍ "መፈጸምታ፣ ቅጺ 6 ዛንታታት ተሞክሮ ገድሊ" ሰፊሩ ዘሎ ኮይኑ፡ ካብ ካልኦት ቅጽታት ዛንታታት ተሞክሮ ገድሊ ሓበሬታ ተወሲኽዎ ምምሕያኻት ዝተገብረሉ እዩ፣ ምኽንያቱ ሓበሬታ ናይዚ ጽሑፍ'ዚ ብቐንዱ– ቃለመሕትት ጀነራል ስቡሓት ኤፍሬም፡ ሱዩት ጀነራል ፍሊጶስ ወልደዮሃንስ፣ መጽናዕታዊ ሓበሬታ ሚጀር መሲ ገብረትንሳኤ፣ መጽሔት "ዮም"፡ ህ.ግ.ሓ.ኤ፡ ሕታም ቍ.2 1990፡ ቍ.3 1990፡ ቍ.4 1991፡ ቍ.5 1991፣ ከምኡ'ውን መጽሓፍ "ፈንቅል፣ ዛንታታት ተሞክሮ ገድሊ ቅጺ 3፡ ኣሕተምቲ ሕድሪ 2015 ምኻኑ ንሕብር።*

***

ኣብ ዝሓለፈ ክፋል ናይዚ ጽሑፍ'ዚ፡ ኣብ ኤርትራ ዝበረ ካልኣይ ኣብዮታዊ ሰራዊት መግዛእቲ ኢትዮጵያ ብስርሒት ፈንቅል ኀርሮኡ ምስ ተዓጽወ፡ ከበብ ህዝባዊ ሰራዊት ንምፍንጣስ ኣብ ግንባር ግንዳዕ ካብ ዘካየዶም ዓበይቲ ወፍርታት ን"ዘመቻ ምጽዋ፣ ዘመቻ ደም-መላሽ፣ ዘመቻ ገስጥ፣ ዘመቻ ኣድዋ፣ ከምኡ'ውን ደብዳብ መዳፍዕ ህዝባዊ ሰራዊት ኣብ መዕርፎ ነፈርቲ ኣስመራ፡ ዝምልከት ትረኻ ቀሪቡ ነይሩ።

ዕላማ ናይዚ ዓበይቲ ወፍርታት፡ ከበባ ምፍንጣስን ናብ ወደብ ባጽዕ ዳግም ምምላስን ጥራይ ኣይነበረን። ኣብቲ ግዜ'ቲ ጠቕላሊ ስታፍ ወተሃደራዊ ስርሒታት ህ.ግ. ዝበረ ተጋዳላይ ስቡሓት ኤፍሬም፡ ጸላኢ ኣብ ግንባር ግንዳዕ ንዘካየዶ ዝበረ ወፍርታት በዚ ዝስዕብ ቃላት ይገልጾ፦

*"ዕላማ ናይቲ ጸላኢ ብግንባር ግንዳዕ ዘካየዶ ዝበረ ዓበይቲ ወፍርታት፡ ንምጽዋዕ ደገምካ ምቁጽጻር ጥራይ ኣይነበረን። ኣዘዝቲ ሰራዊት ደርግ ዚ ወፍርታት'ዚ ክሕንጽጹ እንከለው፡ ዕላማኦም ንግንባር ግንዳዕ ኣፍሪሶካ ናብ ጋሕቴላይ ድሕሪ ምውራድ፡ ጸርግያ ዓዲሐለ ተኸቲልካ ንሶሚን ብምክባብ፡ ብወገን ሮራ መንሳዕን ብሕሪን ተውሳኺ ጸቕጢ ፈጢርካ ንሰራዊት ህ.ግ. ካብቲ ኸባቢል ከምዝሃደም፡ ዝርካ ምሕናቕ'ዩ ነይሩ። ኣብ 1985 ኣብ ባረንቱ ዝተጠቐምሉ ስልቲ ክደግሙ እዮም ሓሲቦም። 'ሻዕብያ ኣብ ማሕንቖቱ ኣትዩ ዘሎ። ካብዚኣ ሰሕል ክንመልሶ ኣለና' እዮም ዝብሉ ነይሮም። በዚ ምኽንያት እቲ ወፍርታት፡ ብብዝሒ ዝሰለፎ ሰራዊት ኮነ ኣጻዋር ከቢድ'ዩ ነይሩ። ተጋዳላይ ግን ድልዱል ዕርዲ ኣብ ዘይብሉ፡ ጸላኢ ኣብ ዝቆጻጸሮ ዘይምቹእ ቦታ ኮይኑ፡ መግዚ ክትረኽቦ ዘይትኽእል ደብዳብ ተጻዊሩ፡ ብልዑል ጅግንነት ዚ ዝፍ ወፍርታት'ዚ ኣምኪንዎ።"*

*('ፈንቅል' ቅጺ 3 ዛንታታት ተሞክሮ ገድሊ)*

እቲ ካብ 17 መጋቢት ክሳብ 10 ሚያዝያ 1990 ሰራዊት ደርግ ዘፈተኖ ዝተፈላለየ ኣሰማት ዝበሮ ኣርባዕተ ዓበይቲ ወፍርታት ስዉጢ ከምጽእ ዘይምኽኣሉ፡ ንሞራል ኣዘዝቲ ሰራዊትን ወተሃደራትን ኢትዮጵያ ተኽኢፍዎ እዩ። ከምኡ እናኾነ ግን ስርዓት ደርግ፡ "ውግእ ምቁራጽ ንሻዕብያ ካልእ ዕድል ምሃብ'ዩ" ኢሉ ስለ ዝደምደመ፡ ሱ ነኸሱ ኒቲ ውግእ ክቕጽሎ መረጸ። በዚ መሰረት፡ ነተን ዝተዳኸማ ክፍላተ ሰራዊቱ ናብቲ ህዱእ ግንባራት ብምቕያር፡ ካልኦት ዘይተተንከፋ ኣሃዱታትን ሓደስቲ ተሰለፍትን ካብ ክፍልታት ዝተዋጽኡ ወተሃደራትን ደረቡ፣ ንሓደሽ መጥቃዕቲ ተቐራረቡ።



## "ዘመቻ በጥስ"

ጸላኢ ኣቐዲሙ ዝተጠቐመሉ ስልቲ፡ ኣብ ዝተወሰነ ቦታ ጻዕቂ ደብዳብ ብምግባር፡ ዝቀያየር ናይ ትሕጃ ዓቕሚ ኣዳሊኻ ብምጽናሕ ምፍንጣስ፡ ፈንጢስካ ኣብ ዝሓዝካዮ ቦታ ነኸስካ ናይ ምርብራብ ውግእ ብምኽያድ፣ ኣብ መጨረሻ ዓቕምኻ ወዲብካ ብዘርቱዕ ጸቕጢ ንቕድሚት ምኽሳስ ዝብል'ዩ ነይሩ። እቲ ካብ 19 ክሳብ 23 ሚያዝያ 1990 ዘካየዶ "በጥስ" ኢሉ ዝጸውዖ ሓሙሻይ ወፍሪ'ውን ብተመሳሳሊ ስልቲ'ዩ ተኻይዱ።

ኣብዚ ውግእ'ዚ፡ ብ20 ሚያዝያ፡ ብሸነኽ ርእሲ-ዓዲ 'እንዳፍሩሲታል' ተባሂሉ ብዝፍለጥ ከባቢ፡ ጸላኢ ንህዝባዊ ሰራዊት ካብ ገለ ገለ ድፋዓት ኣልቂቑ ንቕድሚት ደፊኡ ነበረ። ብጸረ-መጥቃዕቲ ንምምላሱ፡ ፈላማ ኣሃዱታት ህዝባዊ ሰራዊት ዘካየድኦ ፈተነ ኣይተዓወተን። ሰራዊት ጸላኢ በዚ ግዚያዊ ዓወት'ዚ ተተባቢዑ፡ ንጽባሒቱ 21 ሚያዝያ ንግሆ ሰዓት 5፡00 ኣብ ሶሚን ሓመልማሎ፡ መጥቃዕቲ ፈነወ። ብጸጋም ከባቢ ማይጭቃ ዝተወሰነ ቦታታት ተቖጻጺሩ ድማ ንቕድሚት ተወርወረ። መጥቃዕቲ ጸላኢ ቅልጡፍ ኮይኑ፡ ዕድል ዝሀብ ኣይነበረን። በቲ ዘፍረሶ ቦታ ብቐጻበት ንምብራቕ ተዓጺፉ፡ ኣብ ድፋዕ ንዝበሩ ገለ ኣሃዱታት ህዝባዊ ሰራዊት፡ ብድሕሪት ኣጥቂዑ፡ ንብራኽ ሃጥቢ 1002 ተቖጻጸረ። ኣሃዱታት ህዝባዊ ሰራዊት ግን በዚ ኣይተሰናበዱን። ዋላ እኳ ጸላኢ ንቕድሚት ተወርዊሩ ሰንጎኣት እንተፈጠረ፡ ኣብቲ ካልእ ዕርድታት ስዉጢ ከይገበረ፡ ነቲ ኣብ ብራኽ 1002 ዝደየበ ዓቕሚ ጸላኢ ከም ዘይወጽእ ንምግባር ጸረ-መጥቃዕቲ ከፈታ። ሸዑ'ውን ኣይሰለጠን። ድሕሩ ብዝተገበረ ቅልጡፍ ምውድዳብ ግን ብዘርቱዕ ጸረ-መጥቃዕቲ ኣብ ሓጺር ግዜ ቦታኣን ደጊመን ተቖጻጸራ።

ኣብዚ ሓያል ጥምጥም'ዚ፡ 2ይን መበል 23ን ክፍለጦራት ኣዝዩም ስለዝተጎድኡ ውግእ ክቕጽሉ ዝኽእሉ ኣይነበሩን። ጸላኢ ግን ነቲ ብዘይ ዕረፍቲን መተካእታን ዝዋጋእ ዝበረ ተጋዳላይ እስትንፋስ ክህቦ ኣይደለየን። ናይ ኮማንዶ ስፓርታኪያድ ሻለቃታት ኣሰሊፉ፡ ወጋሕታ 23 ሚያዝያ፡ ክፍለ-ሰራዊት 61 ዓራዱሉ ብዝበረ ዕርድታት መጥቃዕቲ ከፈተ። እንተኾነ ተጋዳላይ ጸንዑ ስለዝመከተ እቲ መጥቃዕቲ በርዓነ። በዚ ድማ እቲ መስመር ባጽዕ ንምስባር ዘካየዶ ዝዓበየ ወፍራ ምስ ከቢድ ስዕረትን ህልቂትን ፈሺሉ ተረፈ። ብወገን ርእሲ-ዓዲ፡ ንርእሲ-እምባደርሆን ከባቢኡን ዝተቖጻጸረ ሓይሊ ጸላኢ ግን ገና ውግእ ይቕጽል ነበረ።

## ውግእ ሶሚናዊ-ባሕሪ

እዚ ግጥም'ዚ ቀድሚ ምጅማሩ፡ ኣብ ርእሲ-ዓዲን ካዜንን ጸላኢ ሰራዊት ስለዝጸዓቓ፡ ብሸነኽ ሶሚናዊ ባሕሪ ክብድ ዝበለ መጥቃዕቲ ክፍት ምኻኑ ተገሚጊሙ ነበረ። በዚ ከኣ ህዝባዊ ሰራዊት ኣተሓሕዝኡ ከይልደልን ሓይሊ ክወሰኽን ተገደደ። ኣብቲ ግንባር ዓረደን ዝበራ ኣሃዱታት ክፍለሰራዊት 96 እየን። ብርጌድ 98 ካብ ግራት-ኣውሊዕ ክሳብ ክሳድ-ኣልጌን፡ ብርጌድ 91 ካብ ክሳድ ኣልጌን ክሳብ ጽርግያ ፍልፍልኩዶ፡ ብርጌድ 49 ካብ ጽርግያ ፍልፍል ክሳብ ዒላዒሮ ሐዚን ነበራ። ወሰብ ደገፍ ሓዲ በጦሎኒ ከቢድ ብረት ድማ ምስኣን ተሰሊፉ ነበረ። እቲ ቦታ ሰፊሕ ስለዝበረ፡ ጋንታታት ሰሊዖ ንቕድሚት እናሕለፍካ'ዩ ምቁጽጻር ዝግበረሉ ነይሩ። ብርጌድ 98 ኣብ ግራት-ኣውሊዕ ኣቐድም ኣቢላ ስለዝዕረደት፡ ድፋዕ ሰሪላ ነበረት። ካብ ርእሲ-እምባደርሆ ጎጦም ግን ሰፍሓት ቦታ ስለዝበሮን ዝተፈላለየ ኣሃዱታት ዝተቐያየራሉ ቦታ ብምንባሩን ዘተኣማምን ድፋዕ ኣይነበረን።

ናይ ጸላኢ ክፍለጦር 22፡ ብ19 ሚያዝያ ሰዓት 4፡00 ወጋሕታ፡ ንዕርድታት ህዝባዊ ሰራዊት ብጻዕቂ ደብዳብ ኣጸልሚቱ መጥቃዕቲ ከፈተ። ብፍላይ፡ ኣብ ኣፍ-ገረብ ዝተባህለ ዕርዲ ሓያል ጥምጥም ኮነ። ብሸነኽ ሳበር-ሰቢ ድልዱል መከላኸሊ መስመር ስለዘይነበረ፡ ጸላኢ ንቕዳማይ ቦታታት ክቆጻጸር ኣይተጸገመን። ኣብ ካልእ የማኑ-ጸጋም ዕርድታት'ውን ብተመሳሳሊ ሓያል መጥቃዕቲ ፈነወ። ህዝባዊ ሰራዊት ግን ጸንዑ ብምክልኻል ንግስጋስ ጸላኢ ደው ኣበሎ። ድሕሪ'ዚ፡ እቲ ብሸነኽ ሳበር-ሰቢ ሐዙዎ ዝበረ ቦታታት ብጸረ-መጥቃዕቲ ከም ዝምለስ ተገብረ። እዚ እናኾነ ኣብ ተመሳሳሊ ሰዓት ሰራዊት ጸላኢ ብሸነኽ ርእሲ-እምባደርሆ፡ ሓይሊ ኣጻዊቱ ንገለ ኣሃዱታት ፈንጢሱ ብምሕላፍ ንርእሲ-እምባደርሆ ተቖጻጸረ።

ናብ 20 ሚያዝያ 1990 ኣብ ዘውግሕ ለይቲ፡ ክፍለጦር 22፡ ዓቕሚ ደሪቡ፡ ኣብ ግራት-ኣውሊዕን ኣፍ-ገረብን ክረባረብ ሓደረ። ሰዓት 3፡00 ናይ ለይቲ ከኣ ንመከላኸሊ መስመር ኣፍ-ገረብ ኣፍሪሱ፡ ብጸጋም ኣገፊሑ ዓቕሚ እናደረበ ብቐጻሊ ፈተነታት ከካይድ ወዓለ። ንጽባሒቱ ናብ 21 ሚያዝያ ኣብ ዘውግሕ ለይቲ፡ ንሓገዝ ዝመጸ ኣርባዕተ ሓይልታት ናይ ክፍለ-ሰራዊት 52፡ ምስ ኣሃዱታት ክፍለሰራዊት 96 ተደሪበን መጥቃዕቲ ንምፍጻም ኣብ ምድላው ከለዋ፡ ናይ ጸላኢ ክፍለጦር 22 ቀዲሙ ሰዓት 4፡00 ወጋሕታ መጥቃዕቲ ከፈተ። ኣሃዱታት ህዝባዊ ሰራዊት ከኣ፡ ፈለማ ዝተኸፍተለን መጥቃዕቲ ድሕሪ ምክልኻል፡ ጸረ-መጥቃዕቲ ገዪረን ልክዕ ሰዓት 12፡00 ቀትሪ ንግራት-ኣውሊዕ ተቖጻጸራኦ። ብ22 ሚያዝያ ክፍለጦር 22፡ ማጠናዊ መጥቃዕቲ ፈቲኑ ነበረ። እንተኾነ ከየድምዐ ተጸፊዑ ተመልሰ። ንጽባሒቱ 23 ሚያዝያ ዝደኸመ ኣሃዱታቱ ቀያይሩ፡ ብጽዑቕ ደብዳብ ተሰንዩ፡ ናብቲ ብዕለት 21 ሐዚዎ ዝበረ ቦታታት ዳግም ንምምላስ ሓያል መጥቃዕቲ ፈነወ። ደጊሙ እውን ክቆጻጸሮ ከኣለ። እንተኾነ ክፍለ-ሰራዊት 96፡ ጸቕጢ በርቲዑወን ቦታኣን ዝለቐቓ ኣሃዱታቱ ዳግም ወዲቡ፡ ክልተ ሓይሊ ናይ ክፍለሰራዊት 16 ብምድራብ፡ ብ24 ሚያዝያ ሰዓት 18፡00 ምሸት ጸረ-መጥቃዕቲ ፈነወ። ሰዓት 23፡00 ከኣ መከላኸሊ መስመር ግራት-ኣውሊዕ ብምሉኡ ተቖጻጸሮ።

ብድሕሪ'ዚ ንርእሲ-እምባደርሆን ከባቢኡን ካብ ኢድ ጸላኢ ንምምንዛዕ፡ ክፍለሰራዊት 52 ጸረ-መጥቃዕቲ ኣካየደ። በብቐሩብ ክደፍእ ድሕሪ ምጽናሕ ከኣ፡ ብ25 ሚያዝያ፡ ካብ ክፍለሰራዊት 16 ሓደ በጦሎኒ፡ ካብ ክፍለሰራዊት 96 ክልተ በጦሎኒ ተደረባኦ። እዘን ኣሃዱታት፡ ብደብዳብ መዳፍዓትን ሞርታራትን ዝተሰነየ ጸረ-መጥቃዕቲ ንምኽያድ እናተዳለዋ ከለዋ፡ ጸላኢ እቲ ብሞእከል ግንባር ግንዳዕ ዘካየድ ዝበረ መጥቃዕቲ ምሉእ ብምሉእ ምፍሻሉ ኣረጋጊጹ፡ ንክፍለጦር 21 ናብ ማበስ ቦታኡ ከምዝምለስ ገበረ። 27 ሚያዝያ 1990 ድማ ኣብኡ ዝበረ ሓይሊ ጸላኢ ናብ ማበስ ቦታኡ ኣዝለቐ።


ስርዓት ደርግ በዚ ንኣስታት ሰለስተ ኣዋርሕ ዘካየዶ ተኸታታልን ማጠዉሰፊሕን ወፍራታት እኳ እንተ ዘይተዓወተ፡ "ዓቕሚ ህዝባዊ ግንባር ተዳኺሙ ይኸውን" ካብ ዝብል ገምጋም፡ ብዘይካ ሓይሊ እናወሰኽካ ብዘይምቁራጽ ውግእ ምቕጻል ካልእ ኣማራጺ ደርኣዩ ኣይነበሮን። ብርግጽ ድማ መስመር ኣስመራ-ምጽዋዕ ካብ ምኽፋት ወጻኢ ካልእ ካብ ስዕረት ዘድሕኖ ወተሃደራዊ ኣማራጺታት ኣይነበሮን።

ስርዓት ደርግ ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ጭንቀት ከንተ ኣእምሮን ናይ ቅብጸት ተስፋ ህልኽን ከሎ፡ ህዝባዊ ግንባር፡ ጸላኢ ዓርተ ግዜ ሰራዊትን ኣጻዋርን እናደረበ ዘካይዶም ወፍርታት ንምምካት ልኡም ኮይኑ ክጸበ ምርጫኡ ኣይነበረን። ነቲ ሓደሽ ውጥን ጸላኢ ንምምካን ካልእ ስልቲ ክጥቀም ነበሮ።

ጸላኢ ድሕሪ'ዚ ዝተጠቕሰ ፍሹል ወፍርታት፡ "ዘመቻ ኣሉላ" ዝተሰምየ ካልእ ሓደሽ ወፍሪ ንምብጋስ መደብ ሐዙ ነይሩ እዩ። ስልቲ ናይዚ ወፍሪ'ዚ፡ ካብቲ ቅድሚኡ ብዙሕ ዝፍለ ከምዘይኮነ ይግመት። ጸላኢ ዚ ወፍሪ'ዚ ኣብ ምቅርራብ ከሎ ግን ህዝባዊ ሰራዊት ኣብ ደቡብ ኤርትራ መጥቃዕቲ ከፊቱ ከተማታት ክቆጻጸር ስለ ዝጀመረ፡ እቲ ውጥን በርዓነ።

ኣብዚ ብስርሒት ፈንቅል ዝተጨበጠ ዓወት ንምዕቃብ፡ ንሰለስተ ኣዋርሕ ኣብ ግንባር ግንዳዕ ዝተኻየደ መሪርን ደማዊን ምርብራብ፡ ኣስታት 3000 ተጋደልቲ ከምዝተሰውኡ ጸብጻባት የመልክቱ። ኣብቲ ካብ 8 ክሳብ 29 ለካቲት 1990 ንኣስታት 20 መዓልታት ምጽዋዕ ንምሓዝን ሪዳት ጸላኢ ኣብ ደንጎሎን ሶሚናዊ ባሕርን ንምሕናቑን ዝተኻየደ ከም ኣካል ስርሒት ፈንቅል ዝውሰድ መጥቃዕቲታት ዝተሰውኡ ተጋደልቲ 1100 ምንባሮም ኣብ ግምት ምስእቶም እቲ ኣብ ምርብራብ ግንባር ግንዳዕ ዝተኸፍለ ዋጋ ክሳብ ክንደይ ከቢድ ምንባሩ ንምርዳእ ኣየጸግምን። ህዝባዊ ሰራዊት ዚ ብዘርቱዕ ደብዳብ ዝተፈላለየ ዓይነት ኣጻዋራትን ነፈርቲን ዝተሰነየ ወፍርታት፡ ከቢድ መስዋእቲ እናኸፈለ ተሪሩ ስለ ዝመከቶ፡ ጸላኢ ኣብዚ ወፍርታት'ዚ፡ ዝኾነ ናይ ቦታ ስዉጢ ከምጽእ ኣይከኣለን። ኣስታት 30,000 ሰብኣዊ ክሳራ ከምዝገጠሞ ድማ ኣብ ኣስመራ ዝሓደጎ ሰነዳት የረጋግጽ።

**ይቕጽል . .**



# ስፖርት

ሊድያ በረኸት

## ዞባ ማእከል - ውድድር ባድሚንተን ይካየድ ኣሎ

ብምኽንያት በዓል ናጽነት፡ ካብ 17 ግንቦት ጀሚሩ ንሰለስተ ሰሙን ዝቕጽል፡ ኣብ ሰለስተ ካታጎሪ ዝተመደበን ሸሞንተ ክለባት ሓይልታት ምክልኻል ዘሳተፈን ውድድር ባድሚንተን ዞባ ማእከል ይካየድ ኣሎ።

ኣብ ናይ ትሕቲ 15 ዓመት ደቂ-ኣንስትዮ፡ ደባብ የናስ ጆርዳኖስ ገ/ትንሳኤ፡ ኤሊና ከሰተ ንዛናእ መ/ብርሃን፡ ምርያም መ/ብርሃን ንልዋም ተሰፋስላሴ ብዘመሳሰሊ ውጽኢት 2-ብ0 ረቲዐንአን።

ኣብ ናይ ትሕቲ 15 ዓመት ደቂ-ኣንስትዮ፡ ተመሳሳሊ ገ/ማስቀል ንመሓመድ መሰጦፋ፡ ሃይሰም የናስ ንመብኣል ብርሃ፡ ያስር ጀማል ንኖህ ብርሃ፡ ኤልሻዳይ ሙሴ ንናታን ብርሃ፡ ብሩኽ ዳንኤል ንኣድ መልጌታ፡ ኖህ ከሰተ ንዚቢ የናስ ከም’ኡ’ውን ሆሚሪ ኣማኑኤል 2-ብ0 ተዓዊቶም።

ኣብ ናይ ትሕቲ 18 ዓመት ደቂ-ተባዕትዮ፡ ራኢ የናስ ንብሩኽ ፍሊጶስ፡ እዮብ መድሃኔ ንረቡኒ መሓሪ 2-ብ0 ክረትዕዎም ከለዉ፡ ኣብ ናይ ደቂ-ኣንስትዮ ትሕቲ 18 ዓመት ድማ ሄርሜላ ብርሃ ንሲና ረዘ 2-ብ0 ተዓዊታትላ።

## ውድድር ባይታ ተኒስ ዞባ ማእከል

ንክልተ ጾታ ዘጠቓለለ ብጽምዲ ውድድር ባይታ ተኒስ ዞባ ማእከል፡ ሰንበት 18 ግንቦት ተዛዚሙ።

እዚ ውድድር ንሸውዓተ መዓልቲ ዝቐጸለ ኮይኑ፡ ናይ ደቂ-ኣንስትዮ፡ ልዋም ክፍሎምን ጺኒኤል ዳኒኤልን ምስ ሳሮን ልኡልን ሮዳ እንድርያስን ኣብ ዘካየድኦ ውድድር፡ ሳሮንን ሮዳን 6-ብ1/6-ብ1 ስዒረን ሳልሳይ ደረጃ ክሕዛ ከለዋ፡ ሊድያ ትኩእን ሰምሃር መንግስተኣብን ምስ ናኦሚ ፍስሃየን ደሴት መሓሪን ኣብ ዝገጠማሉ ድማ፡ ሊድያን ሰምሃርን 6-ብ3/6-ብ0 ብምስዓር ቀዳሞት፣ ናኦሚን ደሴትን ካልኣይ ደረጃ ብምሓዝ ጸወታአን ዛዚመን።

ኣብ ናይ ደቂ-ተባዕትዮ፡ ዳኒኤል የውሃንስን ዩኤል ኣብርሃምን ምስ ኣታኽልቲ ገብሩን ናትናኤል ታደሰን ኣብ ዘየዱዎ ናይ መዛዘሚ ውድድር፡ ኣታኽልቲ ገብሩን ናትናኤል ታደሰን ቀዳሞት ክኾኑ ከለዉ፡ ዳኒኤል የውሃንስን ዩኤል ኣብርሃም ካልኣይ ደረጃ ሒዞም። ያቆብ ዳዊትን ፍጹምብርሃን መሓሪን ንመጋጥምቶም 7-ብ5/4-ብ6፣ ኣብ መፈላለዩ ነጥቢ (tie break) ከኣ 6-ብ2 ብምስዓር ሳልሳይ ደረጃ ሒዞም።



## ከረን - ኣልሳሕል ዋንጫ ናጽነት ዓቲራ

ፌደረሽን ኩዕሶ እግሪ ከተማ ከረን፡ ዋንጫ ናጽነት ንምዕታር ንሰለስተ ዙርያ ዝቐጸለ ናይ ኣውዳቕካ ምሕላፍ ውድድር ክካይድ ዝጸንሐ ኮይኑ፡ ቀዳም 17 ግንቦት ኣብ ዝተኻየደ መዛዘሚ ግጥም፡ ጋንታ ኣልሳሕል ዋንጫ ናጽነት ዓቲራ።

እቲ ብርክት ዝበሉ ኣፍቀርቲ ስፖርት ዝተረኽብሉ ግጥም፡ ነታ ቀድሚ ሕጂ ብዘበሐ ዋናጩ ዝዓተረት ጋንታ ኣልኣስር ነታ ኣብ ሳልሳይቲ ዙርያ ኣውዳቕካ ምሕላፍ ብዘይስዕረት ናብ ፍጻመ ዝበጽሐት ታሪኻዊት ጋንታ ኣልሳሕልን ዘራኸበ እዩ ነይሩ።

እቲ ግጥም፡ ኣብ መጀመርታ ምትሕልላው ዝበዝሖ እዩ ነይሩ፤ ድሕሪ ቁሩብ ደቓይቕ ግን ኣልኣስር ከተጥቅዕ ጀመረት። ንልዕሊ ኣልሳሕል እውን ብዝተደጋገሚ ክትፍትኖ ተራእየት፡ እንተኾነ ሸቶ ከይተመዝገበ ናይ ዕረፍቲ ግዜ ኣርከበ።

ካልኣይ እብረ ጸወታ ድማ እቲ ግጥም ብውዕዉዕ መንፈስ ቀጺሉ። ኣልኣስር ክብራ ክትሕሉ ኣልሳሕል ድማ ዋንጫ ንኽተልዕል ሓያል ምትህልላኽ ኣርእያ። ጸወታ 10 ደቓይቕ ምስ ተላዕሎ ድማ፡ ተጻዋታይ ኣልኣስር ጌጋ ብምፍጻሙ ንጋንታ ኣልሳሕል ባብ ኣርሒወላ። ተጻዋታይ ኣልሳሕል ዑመር መሓመድ (ታኪሲ) ድማ ነቲ ዝተረኽበ ዕድል ተጠቒሙ ንጋንትኡ ዓወት ዘጎናጸፈት ፈላሚት ሸቶ ኣመዝገበ። ድሕሪዚ፡ ጸወታ ብዝሃል ረሲ ቀጺሉ - ኣልሳሕል ሸቶ ክትድግም ኣልኣስር ድማ ዝተመዝገበ ሸቶ ክትሕዊ ኣብ ሓያል ህልኽ ተጸምዱ። እንተኾነ ዝተመዝገበ ተወሳኺ ሸቶ ብዘይምንባሩ ጸወታ ብዓወት ጋንታ ኣልሳሕል 1-ብ0 ተዛዚሙ። ኣልሳሕል፡ ጽዋእ ዋንጫ ናጽነት 2025 ብምልዓል፡ ሻምፕዮን ከተማ ከረን ኮይና። ተጻዋታይ ኣልሳሕል ዑመር መሓመድ (ታኪሲ)፡ ብሉጽ ተጻዋታይ ኮይኑ ተሸሊሙ።



## ደቀምሓረ - ብምኽንያት በዓል ናጽነት ውድድር ኣትለቲክስ ተኻዩዱ

ብምኽንያት በዓል ናጽነት ሰንበት 18 ግንቦት፡ ብቤት ጽሕፈት ባህልን ስፖርትን ዞባ ደቡብ ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ደቀምሓረን ተወዲቡ፡ ኣብ ከተማ ደቀምሓረ ሓብራዊ ጉያ ናጽነትን ውድድራት ኣትለቲክስን ተኻዩዱ።

ፈለማ ብናይ ሓብራዊ ጉያ ዝፈለመ ውድድር፡ ሰልጣን መማህራን ኣባላት ማሕበራት ገድልን ዝርከብዎም፡ ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ነበርቲ ከተማ ደቀምሓረ ተሳቲፎም።

ሰዒቡ፡ ካብ ንኡሳን ዞባታትን ጋንታታት ኣትለቲክስን ዞባ ደቡብ ማእከልን ከምኡ’ውን ካብ ምክልኻል ደንደን፡ 53 ደቂ-ኣንስትዮ ዝርከብኦም 121 ኣትለታት ዝተሳተፍዎ ውድድር ጉያ ተኻዩዱ። ደቂ-ኣንስትዮ፡ ናይ ሰለስተ ሽሕ ሜትሮን 10 ሽሕ ሜትሮን ርሕቀት ክሸፍና እንከለዋ፡ ደቂ-ተባዕትዮ ድማ ሓሙሽተ ሽሕ ሜትሮን 10 ሽሕ ሜትሮን ሸፊኖም።

ኣብ ናይ ሰለስተ ሽሕ ሜትሮ ደቂ-ኣንስትዮ፡ ቀዳመይቲ ሕርይቲ ሃብተ ካብ ንኡስ ዞባ ዓዲ-ኳላ፡ ካልኣይቲ ቅሳነት ተስፋልደት ካብ እምኒ ሓየሊ፡ ሳልሳይቲ ድማ ኣሕሰም ዐሰማን ካብ ደቀምሓረ ኮይነን።



ኣብ ናይ ሓሙሽተ ሽሕ ሜትሮ ደቂ-ተባዕትዮ ውድድር ድማ፡ ቀዳማይ ተኸለሃይማኖት ብርሃ ካብ ዓዲ-ኳላ፡ ናትናኤል ጺጋይ ካብ መንደፈራን ኣማኒኤል ገብረሂወት ካብ ዓዲ-ቐይሕን ካልኣይን ሳልሳይን ብምኻን ተዓዊቶም።

ምኩራት ኣትለታት ሃገርና ኣብ ዝተሳተፍዎ ናይ 10 ሽሕ ሜትሮ ውድድር፡ ኣብ ናይ ደቂ-ኣንስትዮ፡ ቀዳመይቲ ኦሎምፒካዊት ኣትለት ራሄል ዳኒኤል፡ ካልኣይቲ ማርያ ዒሊ - ክልቲኣን ካብ ክሉብ ማእከል፡ ሳልሰይቲ መዚት ተስፋይ ካብ ደንደን ብምኻን ክዛዝማ ከለዋ፡ ኣብ ናይ ደቂ-ተባዕትዮ ድማ፡ ኣማኑኤል በርሀ ማርዶካይ፡ ሳይሞን መብራሀቱ - ሰለስቲኦም ካብ ማእከል፡ ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሳልሳይ ደረጃ ብምሓዝ ተዓዊቶም።

ኣብ መወዳእታ፡ ዕወታት ሓብራዊ ጉያ ናጽነት ሜልያ ናጽነት ዘጠቓለለ ገንዘባዊ ሽልማት ክወስዱ ከለዉ፡ ኣብ ዝተፈላለየ ርሕቀት ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሻድሻይ ዝወጹ ተወዳደርቲ ኣትለታት ድማ ብርክት ዝበለ ሽልማት ካብ ኣድ ዝተፈላለዩ ሓለፍቲ ተቐቢሎም።

## ባጽዕ - ውድድር ቅድድም ብሽክለታ ቀጺሉ

ብምኽንያት በዓል ናጽነት ዝተዳለወ ሻምፕዮን ውድድር ቅድድም ብሽክለታ ከተማ ባጽዕ፡ ብ18 ግንቦት ኣብ ጽርግያ ከተማዊ ብውዕዉዕ ስፖርታዊ መንፈስ ቀጺሉ።

እዚ ንኽልን ደቢኽናት ማውንቴንን ዳርትን ብሽክሌታ ዘጠቓለለ ውድድር፡ ካብ ተወዳደርቲ ሳልሳይ ደቢኽየን ኤዶም ቴድሮስ ቀዳማይ ክወጽእ እንከሎ፡ ኢብራሂም ማሕሙድን ዐሰማን ማሕሙድን ካልኣይን ሳልሳይን ደረጃ ብምሓዝ ውድድርም ዛዚሞም። ኣብ ናይ ደቂ-ኣንስትዮ ድማ፡ ክርስቲና የናስ ቀዳመይቲ ብምኻን ናይ መዛዘሚ ሕንጻጽ ክትረግጽ ከላ፡ ሳዕድያ ሑሴንን መኸሰብ ዳኒኤልን ከኣ ካልኣይትን ሳልሰይትን ብምኻን ተዓዊተን።

ኣብ ናይ ካልኣይ ደቢኽን ደቂ-ተባዕትዮ፡ ሚልኣብ ክብርኣብ፡ ሙሴ ታደሰን ናህም ገብረሂወትን ሰለስተ ቀዳሞት ዕወታት ኮይኖም። ኣብ ናይ ቀዳማይ ደቢኽን ውድድር፡ ቀዳማይ ናትናኤል ኣማኑኤል፡ ካልኣይ ኻሊድ ዓብዱለጢፍ፡ ሳልሳይ ድማ ናህም ገብረሂወት ብምኻን ውድድርም ዛዚሞም።

ቀጺሉም ውድድርም ዘየዱ ቀዳማይ ደቢኽን ዳርት ተወዳደርቲ፡ ሚልኪያስ ዳዊት ቀዳማይ ብምኻን ናይ መዛዘሚ ሕንጻጽ ክረግጽ እንከሎ፡ መድሃኔ ተስፋጋብርን ኣንዋር ዐሰማንን ድማ ካልኣይ ሳልሳይን ብምኻን ናይ መወዳእታ ሕንጻጽ ረጊጾም።

ኣብ መወዳእታ፡ ኣብቲ ዕለት ብሉጽ ጸወታ ዝርኣዩ፡ ካብ ናይ ዳርት ሚልኪያስ ዳዊት፡ ካብ ቀዳማይ ደቢኽን ናትናኤል ኣማኑኤል፡ ካብ ካልኣይ ደቢኽን ሚልኣብ ክብርኣብ፡ ካብ ሳልሳይ ደቢኽን ኢብራሂም ማሕሙድ፡ ካብ ደቂ-ኣንስትዮ ድማ ክርስቲና ታደሰ ተሸሊሞም።

እዚ ውድድር፡ ዝመጽእ ሰንበት 25 ሚያዝያ ናይ መዛዘሚ መድረኽ ክካየድ’ዩ።



# ዜና ዓለም

ሸዊት ተኽለ

## “ሩስያን ዩክሬንን፡ ተጻብኦ ደው ንምባል ክዘራረባ እየን” ትራምፕ

ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ፌደረሽን ሩሲያን ዩክሬንን ስምምዕ ምቁራጽ ተኹሲ ንምኽታም ብቐጻሊ ዘርርብ ክጅምራ ምዃነን ገሊጹ።

እቲ ፕረዚደንት ኣብ ዝሓለፈ ሰኑይ ምስ ፕረዚደንት ሩሲያ ቭላድሚር ፑቲን ንክልተ ሰዓታት ድሕሪ ዝገበሮ ናይ ቴሌፎን ዘርርብ እዩ።

ይኹን'ምበር፡ ሩስያን ዩክሬንን ወሀድ ናይ ሰላም ምቁራጽ ተኹሲን ማዕቀር ንምምዕባል ዝንብርኦ ማስርሕ ዝተሓላለኸ ከኾውን ስለ ዝኽእል፡ ወሰኑን ናይ ግዜ ገደብ ከህሉ ከም ዘይኽእል፡ ማዕከናት ዜና ሩሲያ ንኣፈኛ ቤተ መንግስቲ ክረምሊን ዲሚትሪ ፔስኮቭ ብምጥቃስ ሓቢረን።

ትራምፕ ብወገኑ፡ ምዕራባውያን ሃገራት ኣብ ልዕሊ ሩሲያ ጸቕጢ ንምፍጣር ኣብ ልዕሊ መንግስቲ ክረምሊን ከተግብረኦ ንዝኽእላ ሓድሽ እገዳ ኣመሪካ ክትንጽበሮ ድልወቲ ከም ዘይኮነት ኣመልኪቱ።

ትራምፕ ምስ ፕረዚደንት ፑቲን ድሕሪ ዝገበሮ ዘርርብ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት ኣብ ዘዘርግሖ ሓበሬታ፡ ኑቲ ውጥን ምስ ፕረዚደንት ዩክሬን ቮሎዲሚር ዘለንስኪ፡ ከምኡ'ውን ምስ መራሕቲ ሕብረት ኤውሮጳ፡ ፈረንሳ፡ ኢጣልያ፡ ጀርመንን ፊንላንድን ከም እተዘራረበሉ ኣረዲኡ።

ፕረዚደንት ፑቲን ብወገኑ ንጋዜጠኛታት ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ “ሩሲያ፡ ኣብ መጻኢ ብዙሓ ክህሉ ዝኽእል ስምምዕ ሰላም ዝምልከት ውጥን ከተቕርብ ምስ ኣመሪካ ተሰማሚዓ ኣላ፣ ምስ ዩክሬን ድማ ክትሰርሕ ድልውቲ እያ” ኢሉ።



## ቬትናምን ኣመሪካን፡ ካልኣይ ዙርያ ንግዳዊ ዘርርብ የካይዳ

ቬትናምን ኣመሪካን፡ ካልኣይ ዙርያ ንግዳዊ ዘርርብ ኣብ ዋሽንግተን ጀሚረን ምህላወን መንግስቲ ቬትናም ሓቢሩ።

እቲ ንግዳዊ ዘርርብ ዝካየድ ዘሎ፡ እቲ ሰደድ ዝዓብለሎ ቀጠባ ቬትናም ብመንግስቲ ኣመሪካ ክንብረሉ ዝኽእል ናይ 46 ሚእታዊት ቀረጽ ንምክልኻል ኣማራጺታት ኣብ ዘናድየሉ ዘሎ እዋን እዩ።

ካልኣይ ዙርያ ወግዓዊ ዘርርብ ክልተኣን ሃገራት ዝሓለፈ ሰኑይ ከም ዝጀመረን ክሳብ 22 ግንቦት ከም ዝቕጽልን ድማ፡ ሚኒስትሪ ንግዲ ቬትናም ኣብ ዘውጸኦ መግለጺ ሓቢሩ።

ቀዳማይ ዙርያ ዘርርብ፡ ኣብ መጀመርታ ናይዚ ወርሒ ተኻይዱ ምንባሩ ይዝከር።

“ኣቐዲመን ቬትናምን ኣመሪካን ንኽልቲኡ ቁጠባ ኣብ ዘርብሕ መሰረታዊ ጉዳያት ዘርርብ ኣካይደን ነይረን” ዝበለ እቲ ሚኒስትሪ፡ መስርሕ ዘርርብ ንኽቀላጠፍ ኣብ ስምምዕ በጺሐን ምንባረን ኣብሪሁ።

ብዘይካ'ዚ፡ ክልቲኣን ሃገራት ናብ ዝቐጽል ስጉምትታት ንምስጋጋር ብዙሓ እዋናዊ ፖሊሲታት ይዘራረባ ከም ዘለዋ ተሓቢሩ።

ኣመሪካ፡ ኑቲ ኣብ ልዕሊ ቬትናም ዝኣወጀቶ ናይ 46 ሚእታዊት ቀረጽ ክሳብ ዝመጽእ ሓምለ ኣናዊሓቶ ከም ዘላ ዝፍለጥ ኮይኑ፡ እቲ ቀረጽ እንተ ተተግቢሩ፡ ቬትናም ንሰደድ ካብ እተቕንዖ ፍርያታ ዝዓበየ ክፋል ናብ ኣመሪካ ዝለኣኽ ብምዃኑ፡ ኣብ ቀጠብኣ ከቢድ ቅልውላው ከጋጥም ከም ዝኽእል እዩ ዝግለጽ።

ኣብቲ ዘርርብ፡ ሚኒስተር ንግዲ ቬትናም ንገየን ሆንግ ዲየን ምስ ኣመሪካዊ ኩባንያ ሓይሊ ኤሌክትሪክ ‘ዌስቲንግሃውስ’ እውን ብዛዕባ ኑክለሳዊ ቴክኖሎጂ ጸዓት ኣመልኪቱ ዘተ ከም ዘካየደ እቲ ሚኒስትሪ ገሊጹ።




## ታይላንድን ኢንዶነዥያን፡ ስትራተጂያዊ ሽርክነት ንምምስራት ተረዳዲአን

ታይላንድን ኢንዶነዥያን፡ ድሕሪ 20 ዓመታት ንፈለማ እዋን ክልተኣዊ ዝምድናታተን ናብ ስትራተጂያዊ ሽርክነት ክዕብያ ከም እተሰማምዓ ተሓቢሩ።

እቲ ስምምዕ ፕረዚደንት ኢንዶነዥያ ፕራብዎ ሱብያንቶ ኣብ ታይላንድ ወግዓዊ ዑደት ኣብ ዘፈጸመሉ እዋን እዩ ተበጺሑ።

ፕረዚደንት ፕራብዎ፡ ምስ ቀዳመይቲ ሚኒስተር ታይላንድ ፓቶንግታርን ሺናዋትራ ኣብ ከተማ ባንግኮክ ኣብ ዝተራኸብሉ ኢጋጥሚ፡ ክልተኣን ሃገራት ኣብ ዝተፈላለዩ ዓውድታት ምትሕብባረን ንምዕባይ ዝዓለመ ዘተ እውን ኣካይዱ።

ፓቶንግታርን ኣብ ዝሃበቶ መግለጺ፡ ኑቲ ሓድሽ ዝተማስረተ ስትራተጂያዊ ሽርክነት ኣብ ግብሪ ንምውዓል፡ ንጹር ውጥን ስራሕ ምምዕባልን ስሩዕ ላዕለዋይ ደረጃ ኣኼባታት ምኽያድን ከም ዘድሊ ኣስሚራትሉ።

ክልተኣን ሃገራት ኣብ ጸጥታዊ መዳይ፡ ኣንጻር ሰግረ ሃገራዊ ገበናት ብፍላይ ድማ ኣብ ኢንተርነት ዝፍጸሙ ምትላል፡ ዘይሕጋዊ ምስግጋር ደቂ ሰባትን ዕጹ ፋርማሲን ዝዓብራኡ ጻዕርታት ከሓይላ ተሰማሚዐን።

ክልተኦም ወገናት፡ ኑቲ ኣመሪካ ትወስዶ ዘላ ንግዳዊ ስጉምትታት ንምቅላስ፡ 10 ኣባላት ዝሓቘፈ ማሕበር ሃገራት ደቡባዊ ምብራቕ ኤስያ (ኣስያን) ንምሕያል ቁጠባዊ ወሀደት ምዕባይ ኣገዳሲ ምዃኑ ኣስሚሮምሉ።

ዑደት ፕረዚደንት ፕራብዎ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ጥቅምቲ ስልጣን ካብ ዝሕዝ ንደሓር ናብ ታይላንድ ዝገበሮ ናይ መጀመርታ ወግዓዊ ምብጻሕ ኮይኑ፡ ምስ መበል 75 ዓመት ምምስራት ዲፕሎማስያዊ ዝምድና ክልተኣን ሃገራት ዝተጋጠመ ምንባሩ ጸብጻባት ይሕብሩ።



## ቓዛ - ልዕሊ 60 ፍልስጤማውያን ተቐቲሎም

እስራኤል፡ ኣብ ወሽመጥ ቓዛ ተኻይዶ ዘላ መጥቃዕትታት ትቕጽሎ ኣብ ዘላትሉ እዋን፡ ዝሓለፈ ሰሉስ ጥራይ ኣብቲ ወሽመጥ ብዝካየደቶ መጥቃዕቲ፡ ቆልዓ ሰበይቲ ዝርከብዎም ልዕሊ 60 ፍልስጤማውያን ከም ዝተቐትሉ፡ ወግዓዊ ኣገልግሎት ዜና ፍልስጤም (ዋፋ) ሓቢሩ።

እስራኤል ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ሰሜናዊ ቓዛ ኣብ ዝርከብ መዓስከር ስደተኛታት ጃባልያ ብዝፈጸመቶ ደብዳብ'ውን ትሸዓተ ሰባት ከም ዝተቐትሉ፡ ካልኦት ቁጽርም ዘይተፈልጠ ድማ ብፍርስራስ ህንጻታት ተጸቒጦም ከም ዘለዉ ተገሊጹ።

ዝሓለፈ ሰንበት፡ ሰራዊት እስራኤል ኣብቲ ብኩናት ዝዓነወ ወሽመጥ ሰፊሕ ናይ መሬት መጥቃዕቲ ምጅማሩ ብወግዒ ምሕባሩ ኣይርሳዕን።

ሰራዊት እስራኤል፡ ካብ ጥቅምቲ 2023 ጀሚሩ ኣብ ልዕሊ ቓዛ ብዝካየዶ መጥቃዕቲ፡ መብዛሕትኦም ደቂ ኣንስትዮን ህጻናትን ምዃኖም ዝንገረሎም ኣስታት 53,500 ፍልስጤማውያን ከም ዝተቐትሉ፡ ጸብጻባት የመልክቱ።

ኣህጉራዊ ቤት ፍርዲ ገበን ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ሕዳር፡ ንቐዳማይ ሚኒስተር እስራኤል ቤንያሚን ናታንያሁን ንሚኒስተር ምክልኻል'ታ ሃገር ነበር ዮኣቭ ጋላንትን ኣብ ቓዛ ብዝፈጸምዎ ገበናት ኣንጻር ሰብኣውነት ናይ ማእሰርቲ ትእዛዝ ኣመሓላሊፉሎም ነይሩ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ እስራኤል ኣብ ቓዛ ተኻይዶ ዘላ ወተሃደራዊ ስርሒታት እንተ ቀጺላቶ፡ ጽኑዕ ስጉምቲ ክወሰደላ ምዃኑ ብሪጣንያ፡ ፈረንሳን ካናዳን ኣጠንቂቐን።

ቀዳማይ ሚኒስተር ብሪጣንያ ኪር ስታመር ምስ መራሕቲ ፈረንሳን ካናዳን ብምዃን ኣብ ዘመሓላለፎ መልእኽቲ፡ መንግስቲ እስራኤል ወተሃደራዊ ስርሒታቱ ደው ክብልን ሰብኣዊ ሓገዝ ብቐልጡፍ ናብ ቓዛ ክኣቱ ክፈቅድን ጸዊዑ።

በንያሚን ናታንያሁ ድማ ንመግለጺ ሰለስቲአን ሃገራት ኣመልኪቱ ኣብ ዝሃቦ ምላሽ፡ መግለጺ ሰለስቲኦም መራሕቲ ኣብቲ ዝካየድ ዘሎ ኩናት ንሓማስ ዒቢ ሽልማት ከም ዘቕረበሉ ገይሩ ከም ዝወስዶ ኣረዲኡ።

ካብ ዝሓለፈ 2 መጋቢት ጀሚሩ ዝኾነ ዓይነት መግቢ፡ ነዳዲ ከምኡ'ውን መድሃኒት ናብ ቓዛ ክኣቱ ከም ዘይተፈቕደ እዩም ጸብጻባት ዘመልክቱ።

ይኹን'ምበር፡ እስራኤል ድሕሪ 11 ሰሙናት ንፈለማ እዋን መግቢ ናብ ቲ ወሽመጥ ክኣቱ ክትፈቅድ ምዃና፡ ንመላእ ቓዛ ናይ ምቁጽጻር መደብ ከም ዘለዋ፡ ናታንያሁ ዝሓለፈ ሰንበት ገሊጹ ነይሩ።



## ቬነዙዌላ፡ ንበረራታት ኮሎምብያ ደው ኣቢላቶ

ቬንዙዌላ፡ ንበረራታት ነፈርቲ ናይታ ጎረቤታ ዝኾነት ኮሎምብያ ንግዚኡ ደው ከም ዘበለቶ ኣፍሊጣ።

እታ ሃገር እዚ ስጉምቲ'ዚ ዝወሰደት፡ ኑቲ ዝመጽእ ሰንበት እተካይዶ ባይቶኣዊ ምርጫ ንምዝራግ መደብ ከም ዝነበሮም ዝገለጸቶም ኮሎምብያውያን ዝርከብዎም ልዕሊ 30 ጥርጡራት ድሕሪ ምቕያዳ እዩ።

ሚኒስተር ወሽጣዊ ጉዳያት ቬንዙዌላ ዲያስዳዶ ካቤሎ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ እቲ ብቐጻሊ ዝተወስደ እገዳ በረራታት ንሓደ ሰሙን ዝጸንሕ ምዃኑ ኣፍሊጡ።

ካቤሎ፡ እቲ ጸረ መንግስታዊ ውጥናት ንምኽያድ ዕላማ ከም ዝነበሮ ዝገለጾ ጉጅለ፡ ኣብ ቬንዙዌላ ኣብ ዝርከቡ ኤምባሲታት፡ ሆስፒታላትን መደብራት ፖሊስን ኒታጉ ክጸውድ ተልእኾ ከም ዝነበሮ ገሊጹ።

በዚ ድማ፡ 21 ቬንዙዌላውያን ዝርከብዎም 17 ናይ ኮሎምብያ፡ መክሰኮን ዩክሬንን ዜግነት ዝሓዙ ወጻእተኛታት ኣብ ቀይዲ ከም ዝኣተዉ፡ እቲ ሚኒስተር ገሊጹ።

እቲ ሚኒስተር ወሲኹ፡ እቶም ካብ ኮሎምብያ ከም ዝመጹ ዝገለጾም ጥርጡራት ገሊኦም ብኣፉራት፡ ገሊኦም ድማ ብመሬት ናብ ቬንዙዌላ ከም ዝኣተዉ ብምሕባር፡ መብዛሕትኦም ግን ካብ ካልኦት ኣሰምዛተን ዘይተጠቕሳ ሃገራት ምዃኖም ኣብሪሁ።

ካቤሎ፡ ዝኾነ መርትዖ እኳ እንተ ዘየቕረበ፡ እቲ ጉጅለ ግና ምስ ናይ ፖለቲካ ተቓወምቲ ቬንዙዌላ ዝሰርሑ ከኢላታት ኒታጉ፡ ኣሰጋገርቲ ደቂ ሰባትን ዕሱባትን ዘጠቓለለ ምንባሩ ገሊጹ።

ይኹን'ምበር፡ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ኮሎምብያ ኣብ ዘውጸኦ መግለጺ፡ ብዛዕባ ምእሳር ዜጋታት ኮሎምብያ ብዝምልከት ካብ መንግስቲ ቬንዙዌላ ዝኾነ ሓበሬታ ከም ዘይረኸበ ገሊጹ።


| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ቤት መሸጣ መድሃኒት መረብ | 21/05/2025 | ጎደና ዓይገት ቁ. ገዛ 17፡ ከባቢ ሲነማ ሓማሴን | 123690 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ   ቁ.ቴሌፎን 127565


Sabur Printing Services